# መምርሒ ንኣተገባብራ ሕቶ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ኣብ ኢጣልያ




MINISTERO
DELL'INTERNO
Commissione Nazionale per il diritto d'Asilo

UNHCR
The UN Refugee Agency

# ዝርዝር ትሕዝቶታት

1. እዚ መምርሒ ንምንታይ የድሊ? ................5

2. ሕቶ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ..........................7

3. መሰላትን ጉቡኣትን ሓተትቲ ዕቑባ .........18

4. ማእከል መቐበሊ ሓተትቲ ዑቅባ ...........20

5. ገምጋም ናይ ዝቐርበ ሕቶን ክህልዉ ዝኽእሉ ውጽኢታትን .........................................23

6. ዕቑባ ድሕሪ ምርካብካ ዘልካ መሰላትን ጉቡኣትን..............................................................34

7. ካልኦት መንበሪ ፍቓድ...............................38

8. ጠቓምቲ ኣድራሻታትን ቍጽርታት ተሌፎንን.................................................40

# 1. እዚ መምርሒ ንምንታይ የድሊ?

አዚ መምርሒ እዚ ተንብብዎ እንተለኹም፡ **ኣብ ኢጣልያ ትርከቡ ኣለኹም** ማለት ኢዩ፡ ዓለምለኻዊ ዕቑባ ንምርካብ ሕቶ ኣቕሪብኩም ኣለኹም ወይ ከኣ ከተቅርቡ ትሓስቡ ኣለኹም ማለት እዩ።

ኣብ'ዚ መምርሒ ከመይ ጌርካ ነቲ ናይ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ሕቶ ከም ተቅርቦን :ከመይ ጌሮም ነቲ ናይ ዝውሃበካ መልሲ **ውሳኔ** ይወስድዎን: አንታይ **መሰላትን ግቡኣትን** ከም ዘለካ: ከተኽብሮም ዘለካ ሕግታታን ኣየኖት ኢዮም ዝብሉ ሓበሬታታት ክትረክብ ኢኻ።

ብጥንቓቐ ኣንብብዎን ዓቅብዎን ኣብቲ ዘድለየኩም ግዜ መታን ከተንብቦ ። ኣብ ነፍሲወከፍ ደረጃ ናይ መስርሕኩም እንታይ ይኸውን ከምዘሎ ንኽትግንዘቡ ክሕግዘኩም እዩ።

ዘይተረዳኣኩም ነገር አንተ ደኣ ኣሎ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ተዓቑብኩሙሉ ዘለኩም ማእከል (መዓስከር ,ካምፕ) ናይ ስደተኛታት ዘሎ ናይ ሕጊ ኽኢላ ወይ ከኣ ኣብቲ ከባብቢ ዘለዋ ንስደተኝታት ዝተሓጋገዛ ማሕበራት **መብርሂ ንኽህብኩም ተወከሱ** ።



ኣብ መወዳእታ ናይ ዚ መግለጺ ወረቐት ከኣ ዚተፈላለዩ ክጠቅሙኩም ዝኽእሉ ኣገደስቲ ዚኮኑ ኣድራሻታትንቁጽሪ ተለፎንን ክትረክቡ ኢኩም። ሕጂ እተን 6 ነገራት ኣብ ኢጣልያን ናይ ዓለም- ለኻዊ ዕቑባ ምስ ትሓተትካ አትገብረን ነገራት ጽሙቅ ኣቢልና ክንዝርዝረልኩም ኢና ዝበለጸ ሓበሬታ ግን ኣብ ታሕቲ ከም ዘለኩም ንሕብር።

## 1 ናይ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ምሕታት ድሌት ከም ዘለካ ምሕባር

እዚ ኻኣ አንታይ የጠቓልል ኣብ ዝቀልጠፈ ግዜ ናብቲ ዘለኹሞ ቦታ ዝርከቡ መደበርፖሊስ ወይከኣ ኣብ ዶብ ዝርከቡ ፖሊስ ብምኽያድ እቲ ዘለካ ናይ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ምሕታት ወለንታ ምሕባር።

## 2 መንነትካ ምግላጽ

እቶም ዝቕበሉኹም ፖሊስ በቲ ትህብዎም ሓበሬታታት ክምዝግብኹም እዮም ነዚ ንምግባር ከኣ(ሽም: ሽም ኣቦ: ቦታ ትውልዲ: ዜግነት) ድሕሪ ምሕታት ስእሊ ክስእልኹም እዮም ከምኡ ውን ናይ ኣጻብዕትኩም ዓሻራ ክወስዱልኩም አዮም።

## 3 ሕቶ ዑቕባ ወግዓዊነት ንምልባስ

እዚ ኸኣ ምምላእን ምምዝጋብን አቲ ፉልይ ቅጥዒ (ኦርኒክ) ንሕቶ ዓለምለኻዊ ዑቕባ የጠቓልል

## 4 ቃለ መሕትት ምስ ዘባዊ ኮሚሽን

እቲ ቃለ መሕትት ከኣ ብዛዕባ እቲ ካብ ሃገርኩም ዘውጻኩም ምክንያትን ጸገማትን፥ ን ሃገርኩም ምስትምለሱ ዘፍራሓኩምን ዘስጋኣኩምን እንታይ እዩ ዝብል ይኸውን።

## 5 ገምጋምን ውሳኔን

እቲ ዘባዪ ኮሚሽን ንጉዳይ ሕቶኻ ዝግምግመሉን ዝውስነሉ መድረኽ እዩ።

## 6 ይግባይ ምባል

አንተ ደኣ እቲ ዝተዋሃብኩሞ ውሳኔ ዘይ ኣዕጊቡኩም ኣንጻር ውሳኔ ዘባዊ ኮሚሽ ናብ ቤት ፍርዲ ይግባይ ክትብሉ መሰል ኣለኩም

# 2. ሕቶ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ

## ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ እንታይ ማለት እዩ?

ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ክበሃል እንከሎ፡ብኢጣልያ ወግዓዊ ምሉእ ተቐባልነት ዘለዎም መሰረታውያንን ኣገደስትን መሰላት ዘጠቓለለ ኮይኑ፥ ንሰም ድማ ምሉእ ዑቕባ ስደተኛታት ከምኡ'ውን ወነንቲ ካልኣይ ደረጃ ዑቑባን እዮም።

**ምሉእ ዑቑባ ንስደተኛታት**፥ ኣብ ናይ መበቆል ሃገሮም ብምኽንያት ዓሌቶም፡ ሃይማኖቶም፡ ዜግነቶም፡ ፖለቲካዊ ኣረኣእያኦም ወይ'ውን ምስ ሓደ ፈሉይ ማሕበራዊ ጉጅለ ዘለዎም ዝምድና ብምህላዎም ፡ ሂወቶም ኣብ ሓደጋ ክትወድቅ ትክእል እንተ ደኣ ኮይና፡ እም ኸኣ ኣብ መበቆል ዓዶም ውሕስነት ምስ ዘይህልዎም በዚ ምክንያት ካብ ሃገሮም ወጺዮም ኣብ ካልእ ሃገር ዑቅባ ዝሓተቱ ሰባት ኢዮም። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ገጽ 26 ተወከሱ።

**ወነንቲ ካልኣይ ደረጃ ዕቑባ፥** ንዝኾኑ ሰባት ማለት፡ ምሉእ ዕቑባ ንስደተኛታት እኳ እንተ ዘይኮነ ፡ ኣብ መበቆል ሃገሮም ንህይወቶም ዓቢ ስግኣትን ከምኡውን ግዳይ ከቢድ ሓደጋ ዝኾኑ ሰባት እዮም (ናይ ሞት ፍርዲ፥መግረፍቲ፥ ዘይሰብኣዊ ወይ 'ወን ግፍዕን ኣተሓሕዛ፡ ፍርሒ ነይ ሂወት ወይ ንብሕታዊ ድሕንነት ዘስግእ ብረታዊ ግጭት ዝተኣሳሰር ተኽእሎ ሓደጋ እዩ)። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ገጽ 27 ተወከሱ።

ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ **ዘውሕሶ** ልዕሊ ኩሉ **ናብ ሃገርካ ከም ዘይትስጎግ** ይገብር: ኣብ ዓዲ **ጥልያን መንበሪ ወረቐት ከም ዝወሃበካ** ከኣ ይገብር።

## ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ክሓትት እክእል ዶ?

እንተደኣ ዜግነትኩም ካብ ሕቡራት ሃገራት ኤውሮጳ ወጻኢ እንተ ደኣ ኮይኑ እም ኽኣ ንሃገርኩም ከትምለሱ ዘይትክእል እንተ ደኣ ኩኤንኩም ምስ ትምለሱ ከኣ ነብስኩም ኣብ ሓደጋን ግፍዕ ክወርድ ምስዝኸል ።

ዜግነት እንተ ዘይብልኩም ናብቲ ት ቅመጠሉ ዝነበርኩም ቦታ እንተ ተመሊስኩም ነብስኩም ኣብ ሓደጋን ግፍዕ ክትወድቅ ትክእል እንተደኣ ኮይና።




እንተ ደኣ ትርከብሉ ዘለኩም ኩነታ ሓደ ካብ ዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስናዮም አንተዘይ ኮይኑ ግን ኣብ ዓዲ ጥልያን ክትነብር ትደሊ እንተ ደኣ ኩንካ ብ ኻልእ ፉሉያት ምኽንያታት: ብዛዕባ ካልእ ዝተፈላልዩ ዓይነት መንበሪ ፍቓድ ሓበሬታ ንምርካብ ክእላ ሕጊ ተወከሱ። ገጽ 38 ተወከስ

# ነቲ ሕቶ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ፡ መዓስን ኣበይን እየ ዘቕርቦ?

ብዝተኻእለ መጠን ኣብ **ዝሓጸረ ግዜ** ሕቶኩም ኣቕርቡ።

ናብ ኢጣልያ ምስኣተኹም ናብ ቤት-ጽሕፈት **ፖሊስ ሓለዋ ዶባት** ብምቕራብ።

ኣብ ውሽጢ ኢጣልያ ምስእትህልዉ ድማ ናብ ዝቐርበኩም ናይ መደበር **ፖሊስ ቤት-ጽሕፈት ኢሚግሬሽን** ብምኻድ፡ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ንምርካብ ሕቶ ከተቕርቡ ከምእትደልዩ ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ዋላ እውን ኣብ ቤት-ማእሰርቲ እተደኣ ኣለኩም ወይ ናብ ሃገርኩም ንኽትምለሱ ኣብ ናይ መስጎጊ ማእከል ቦታ ተታሒዝኩም (C.P.R.) እንተ ደኣ ኣለኩም፡ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ንምርካብ ሕቶ ከተቕርቡ ዕድል ኣለኩም።

እቶም ተቅርብዎም ሕቶታት **ውልቃውያን** እዮም። ነፍሲወከፍ ክንዲ-ሰብ ዝኣኸለ ውልቀሰብ ናይ ገዛእ-ርእሱ ሕቶ ከቕርብ ይግባእ። ኣብ ኢጣልያ ዝርከቡ ትሕቲ-ዕድመ ህጻናት ምስዝህልዉኹም፡ ብዛዕባ ህላውነቶም ንዝምልከተን ንሰብ-መዚ ሓብሩ እሞ፡ እቲ እተቕርብዎ ሕቶ እንኮላይ ንዕኦም ዝምልከት ክኸውን እዩ።

ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት ምስዝኸውን ኣብ ኢጣልያ ንበይንኹም ምስእትህልዉ፡ ብሰራሕተኛታት ናይ'ቲ ተዓቑብኩሙሉ እትርከቡ ማእከል ተሓጊዝኩም ንዓለም- ለኻዊ ዕቑባ ሕቶ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

# ዝኽፈል ገንዘብ ኣሎ ዶ?

መስርሕ ምቕራብ ሕቶ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ክፍሊት እዩ ዝፍጸም።




ንእተቕርብዎ ሕቶ ናይ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ንምቕባል ይኹን ንምግምጋም፡ ሰብ-መዚሃገረ- ኢጣልያዝኾነይኹንገንዘባዊክፍሊትኣይኪሓታኹምን እየን። ዝኾነ ሰብ ይኽፈል 'ዩወይወን ገን ዘ ብ የድሊዩ ኢሉ ከእም ነ ካ ም ስ ዝ ፍ ት ን ፡ ብዛዕባኡ ንሰብ-መዚ ሓብሩ ኢኹም።

# ነቲ ንዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ብዝምልከት ዝቐረበ ሕቶ፡ ኣየነይቲ ሃገር እያ እትግምግሞ?

እታ ነቲ ንዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ብዝምልከት እተቐርብዎ ሕቶ እትምርምር ሃገር፡ ብመሰረት ሕጊ-ዱብሊእዩ ዝምደብ።

**ሕጊ -ዱብሊን** :

ሕጊ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኰይኑ፡ ነታ ሕቶ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባኹም ክትምርምር ዝግብኣ ሃገር ዝምልከቱ ሕጋዊ መምርሒታት ዝሓዘ እዩ። ግደ ሓቂ፡ ኣብ ሓንቲ ፍልይቲ ኤውሮጳዊት ሃገር ሕቶ ኣቕሪብኩም ምስእትህልዉ፡ ናይ ግድን ንሕቶኹም እታ ሃገር እያ ክትርእዮ ማለት ኣይኰነን።

ነቲ ንዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ብዝምልከት ዘቕረብኩሞ ሕቶ ቅድሚ ምምርማራ፡ እታ ዘለኹሙላ ኤውሮጳዊት ሃገር፡ ንጉዳይኩም ንምርኣይ ብቕዓት ከምዘለዋን ከምዘይብላን ክትርኢ እያ፤ ወይ ድማ ጉዳይኩም ንኽምርመር ናብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ክሰጋገር ከምዝግባእ። እተን ብሕጊዱብሊን ዝቕየዳ 31 ሃገራት ኤውሮጳ ኣየኖት ምዃነን ንምርኣይ፡ ኣብ ገጽ 12 ተወከሱ።

ሕጊ-ዱብሊን፡ ሓንቲ ሃገር ንዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ብዝምልከት ንዝቐርቡ ሕቶ ንኽትምርምር ብቕዕቲ ዝህልዋ ምኽንያታት ኣብታ ሃገር ኣባል ስድራ-ቤትኩም ምስ ዝህላዉ እም እታ ሃገር ድማ ሕጊ ዱብሊን ምስ እተትግብር ፡ እዚ ሕጊ እዚ ካብ ዝምልከታ ሃገር ቪዛ ድዩስ ወረቓት ፍቓድ ነባሪነት ተዋሂብኩም ምህላውኩም፡ ናብ'ዛ ሃገር ኣቲኹም ወይ ናብ ዶባ ብሕጋዊ ይኹን ብዘይ ሕጋዊ መገዲ ሰጊርኩም እትፈልጡ ምዃንኩም ብምርእይ ይትገበር። ከም ልሙድ እዚ ናይ መወዳእታ መምርሒ ተተግባሪ ይኸውን። እታ ኣብ መዳይ መርመራ ናይ'ቲ ንዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ብዝምልከታ **እተቕርብዎ ሕቶ ብቕዕቲ እያ እትበሃል ሃገር፡ እታ ንመጀመርታ እዋን እግርኹም ዘንበርኩሙላ ኤውሮጳዊት ሃገር እያ** (ንኣብነት፡ እታ ንመጀመርታ እዋን እግርኹም ዘንበርኩሙላ ኤውሮጳዊት ሃገር ኢጣልያ እንተኾይና፡ እቲ ንዓለም-ለኻዊ ዕቑባ እተቕርብዎ ሕቶ ብኢጣልያ እዩ ክግምገም ዝኽእል)።

ኣብ ካልእ ብሕጊ-ዱብሊን እትቕየድ ሃገር ቤተሰብ ምስዝህልዉኹም እሞ ንኽትጽንበርዎም ድልየት ምስዝህልወኩም፡ ምስ ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ ተዓቑብኩሙሉ ዘለኩም ማእከል ምቕባል ስደተኛታት ድዩስ ምስ ክኢላታት-ሕጊ፡ ወይ ድማ ብቐጥታ ምስ ፖሊስ ተዘራረቡ።

ምስ ኣባላት ፖሊስ፡ ብቛንቛኹም ወይውን ብኻልእ ክትርድእዎ እትኽእሉ ቋንቋ፡ ምስጢራውነቱ ስቱርን ዝኾነ ቃለ-መሕተት ከም እተካይዱ ክግበር እዩ።

ኣብ'ዚ ቃለ-መሕትት እቲ ኩሉ ዓይነት ጠቓሚ ዝበሃል ሓበሬታ ክትህቡ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፤ ብፍላይ ድማ ብዛዕባ ህላውነት ኣባላት ቤተ-ሰብኩም ኣብ ኻልእ ሃገራት ኤውሮጳውያን ሕብረት ብዝምልከት። ዘለኩም ዘበለ ሰነድ እውን ኣቕርቡ።

ዕላማ ናይ'ዚ ቃለ-መሕተት እዚ፡ ኣብ መዳይ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ብዛዕባ ዘለዉኹም መሰረታውያን ሕቶታት ውሳኔ ምሃብ ዘይኰነስ፡ ንጉዳይኩም እትግምግም ሃገር ምርቋሕ እዩ። ሕቶኹም ዝግምገመሉ ኣካል፡ "ጥርናፈ ዱብሊን" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮይኑ ኣካል ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ኣታዊ ውሽጣዊ ሃገራት እዩ።

ናብቲ ቤተ ሰብኩም ዘለዉዎ ሃገር ብሕጋዊ መንገዲ ከም ትከዱ ከኣ ክግበር እዩ :እቲ ኣብዚ ዓዲ ዝጀመርኩሞ ናይ ዑቅባ ሕቶ ከኣ ኣብ ኡ ኬድኩም ክትቅጽልዎ ኢኹም ነዚ መስርሕ ዝግበኦም ሰባት እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

ልዕሊ ዕድመ እንተ ደኣ ኮይንኩም **ንኣባላት ቤተ-ሰብኩም** ብሕጋዊ መገዲ ኣብ'ታ ዝነብሩላ ሃገር ክትጽንበርዎምን ንጉዳይኩም ኣብኡ ኬንኩም ክትከታተሉ ትኽእሉ ኢኹም፦ ንሳቶም ካኣ ምስትሕቲ-ዕድመ **ውላድኩም** ወይ **በዓል-ቤትክን** ወይ **በዓልቲ- ቤትኩም** (ኣብ ገለ እዋን ድማ ንመጸምድትኹም(ሕጹይ) ከይተረፈ) እንተ ድኣ ምሉእ ዑቕባን ወነንቲ ካልኣይ ደረጃ ዑቕባ ወይ ውን ሓትቲ-ዕቑባ ምስዝኾኑ።

ብተወሳኪ **ጥኑሳት ደቀ ንስትዮ** ፡ ናይ **ሓዳስ ሓራስ፡ ከቢድ ሕማም፡ ከቢድ ስንክልናን** ወይ **ሽማግለ** እንተ ደኣ ኮንኩም ንደቅኹም፡ ንኣሕዋትኩም፡ ንኣሓትኩም ወይ ሓደ ካብ ወለድኹም ክትጽንበርዎም ትኽእሉ ኢኹም፡ ማለት ኣብ ናታቶም **ሓገዝ ትምርኰሱ እንተኼንኩም** ወይ ድማ ሓደ ካባታቶም ኣብ ናትኩም ሓገዝ ዝምርኮስ ምስዝኸውን።

እንተድኣ ናብ ኢጣልያ ቅድሚ ምእታውኩም እንተ ደኣ **ኣብ ካልእ ብዓል መዚ ኤውሮጳዊት ሃገር ሕቶ ናይ ዑቅባ ኣቕሪብኩም ጸኒሕኩም**፡ ብመሰረት ሕጊ-ዱብሊን እታ ንዘቕረብኩሞ ዑቅባ ክትምርምር ዝግብኣ ሃገር፡ መጀመርያ ዝኣተኩማ ሃገር እያ። ዘቕረብኩሞ ናይ ዑቅባ ሕቶ እንተ ተነጺጉ ሕጋዊ ስልጣን ናብ ዘለዎም ብዓል መዚ ናይ'ታ ሃገር ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም።

እንተድኣ ናብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ቅድሚ ምብጋስኩም **ኣብ ኢጣልያ ናይ ዑቅባ ሕቶ ኣቕሪብኩም ነርኩም**፡ ዝበዝሕ እዋን፡ ማለት ብመሰረት ሕጊ- ዱብሊን፡ እቲ ንዘቕረብኩሞ ናይ ዑቅባ ሕቶ ክትምርምር ዝግብኣ ሃገር፡ ኢጣልያ እያ። ምስራዝ ናይ'ቲ ኣብ'ዚ ኣብ ኢጣልያ ዘቕረብኩሞ ሕቶ፡ጉዳይኩም ብኻልእ ሃገር ንኽረአ ምኽንያት ክኸውን ዝከኣል ኣይኰነን።

ክትዝክርዎ ዘለኩም ነገር እንተ ደኣ ዘይትስማምዑሉ ኹንኩም ውሳኔ ናይ ሓንቲ ኤውሮጳዊት ሃገር ብዛዕባ ናይ ምግዓዝ ናብ ካልእ ሃገር ናብ ዳኛ ይግባይ ናይ ምባል መሰል ኣለኩም። ነዚ ንኽትገብሩ እኹል ቁጠባዊ ዓቕሚ ምስ ዘይህልወኩም፡ እቲ ኩነታት ዝፈቅዶ እንተኾይኑ: ብነጻ ጠበቃ ክዋሃበኩም ክትሓቱ መሰል ኣለኩም።

# መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ-ዕድመ ምስእትኾኑ

**መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ-ዕድመ ምስእቲኹኑ እሞ ኣብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ኣባላት ቤተ-ሰብ ምስዝህልዉኹም፡ ንበይንኹም ክትከዱ ወይ ነቲ ተዓቝብኩሙሉ ዘለኩም ማእከል መቀባል ስደተኛታት ሓዲግኩም ኽትከዱ ኣይትፈትኑ።** ምስ ኣባላት ቤተሰብኩም ንኽትጽንበሩ ድልየት ከምዘለኩም ንኣካየድቲ ናይ'ቲ ተዓቝብኩሙሉ ዘለኩም ማእከል ድዩስ ንሕጋዊ መጕዚትኩም ወይ ንፖሊስ ሓብሩ።

ሰነዳትኩም ሒዝኩም ብውሕስን ሕጋዊ መገዲ ናብ **ኣዴኩም ፡ ኣቦኹም** ወይ ድማ ክ)ኣልየኩም ናብ ዝኽእል ዓቢ ሰብ፥ **ሓውኹም፡ ሓብትኹም፡ ሓወቦኹም ፡ ኣሞኹም፡ ሓትነኹም** ከም እ ትከዱ ክግበር ኣዩ። ግን እቲ ምስኢ ክትጽንበሩ እትደልይዎ ኣባል ቤተ-ሰብኩም፡ ኣብ'ታ ዘለዋ ሃገር **ብሕጋዊ መገዲ ዝነብር ክኸውን ይግባእ።**

ብዘይካ'ዚ፡ መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ-ዕድመ ምስእትኾኑ፡ እቲ ዘቕረብኩሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ኣብ'ዛ ዘለኹማ ሃገር ክግምገም እውን ተኽእሎ ኣሎ።

## መጠንቀቕታ

- እንተ ደኣ እቲ ንዘቕረብኩሞ ናይ ዓለም-ለኻዊ ዕቝባ ሕቶ ክትምርምር ዝግብኣ ሃገር ኢጣልያ ምስእትከውን እሞ ጉዕዞኹም ብዘይ ፍቓድ ምስ ትቕጽሉ ኣብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ናይ ዓለም-ለኻዊ ዕቝባ ሕቶ ምስ ምስእተቕርቡ፡ ናብ ኢጣልያ ከምእትምለሱ ክግብር ተኽእሎ ኣሎ።
- ናብ ኢጣልያ ቅድሚ ምምጻእኩም ኣብ ካልእ ብሕጊ ዱብሊን እተተግብር ኤውሮጳዊት ሃገር ኣቲኹም እንተኔርኩም፡ ናብ'ታ ሃገር እቲኣ ከምእትምለሱ ክግብር ተኽእሎ ኣሎ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ተዓቝብኩሙሉ ዘለኩም ማእከል መቕበል ስደተኛታት ካብ ዝርከቡ ክኢላ-ሕጊ ድዩስ ካብ ማሕበራት ተጣበቕቲ ሓተትቲ ዕቝባ ወይ ካብ ጠበቓ ሓገዝ ንኽትረኽቡ ሕተቱ።

# ሕጊ-ዱብሊን ዘተግብራ ሃገራት ኣየኖት እየን?

27 ኣባላት ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾና ሃገራት (ንሳትን ድማ፥ ኦስትሪያ፡ ቤልጂዩም፡ ቡልጋሪያ፡ ቆጵሮስ፡ ክሮኤሺያ፡ ዴንማርክ፡ ኢስቶኒያ፡ ፊንላንድ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ግሪኽ፡ ኣየርላንድ፡ ኢጣልያ፡ ላትቪያ፡ ሊትዋኒያ፡ ላግዘምበርግ፡ ማልታ፡ ኔዘርላንድስ፡ ፖላንድ፡ ፖርቱጋል፡ ዓዲ-እንግሊዝ፡ ቸክሪፓብሊክ፡ ሩማኒያ፡ ስሎቫኪያ፡ ስሎቬኒያ፡ ስጳኛ፡ ሽወደን፡ ሃንጋሪ) ከምኡ'ውን ስዊዘርላንድ፡ ነርወይ፡ ኣይስላንድን ሊችተንስተይን።



# እቲ መስርሕ ምቅራብ ሕቶ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ከመይ ይመስል?

1) **ምልላይ መንነት፡-** ሕቶ ዓለም-ለኻዊ ዕቍባ ንምቕራብ ድልየት ከምዘለኩም ዘረጋግጽ ወግዓዊ ሓበሬታ ድሕሪ ምቕራብኩም፡ ኣባላት ፖሊስ መንነትኩም ከነጽሩ እዮም፡- ንዓኹም ዝምልከት ሓበሬታ (ስም፡ ስም ኣቦ፡ ቦታን ዕለትን ልደት፡ ዜግነት) ክምዝግቡ እዮም ስእሊ እውን ክወስዱልኩም እዮም። **ዕድሜኹም 14 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ምስዝኸውን**፡ ትካላት-መዚ ስእሊ ኣሰር-ኣጻብዕትኹም ("ዓሽራ") እውን ክወስዱልኩም እዮም። እቲ ዝገበርኩሞ ሕቶ ከኣ ናብ ኤውሮ ዳክ (Eurodac) ተባሂሉ ዝጽዋዕ መዐቀቢ መዝገብ ናይ መላእ ኤውሮጳ ንኽዕቀብ ክለኣኽ እዩ። እዞም መስርሓት እዚኣቶም ክሰላሰሉ እንተኾይኖም፡ ክሳብ ን 1 ወርሒ ዝኣክል እዋን ኣብ ፍሉይ መዕቈቢ ቦታ ክትጸንሑ ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ምዝዛም ናይ'ዚ እዋን እዚ፡ መንነትኩምን ዜግነትኩምን ክረጋገጽ ምስ ዘይከኣል፡ ናብ ካልእ **ማእከል መስጎጊ ቦታ**ተባሂሉ ዝጽዋዕ ክሰዱኩም ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ'ዚ እንተነውሐ **ን 4ኣዋርሕ** ኢኹም እትጸንሑ።

> ውሳኔ ሕቶ ዓለምለኻዊ ዑቅባ ክሳብ ዝውዳእ፣ ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ዝለዓለ ቀይዲ ኣብ ማእከል መስጎጊ ቦታ ንዝምልከት፣ ንክኢላ ሕጊን ወይ ንስደተኛታት ዝተሓጋገዛ ማሕበራት ወይ ድማ ንጠበቓኻ ሓገዝ ሕተት።

2) **ሕቶ ዓለምለኻዊ ዕቍባ ወግዓውነት ምልባስ** ፡- እንታይ የጠቃልል፥ C3 (**ሲ3**) ዝተባህለ ፎርም (ኦርኒክ) ከምልኡኩም ኢዮም። ኣባላት ፖሊስ ብዛዕባ መንነትኩምን ኵነታትኩምን ገለ ሕቶታት ከቕርቡልኩም እዮም (ንኣብነት፡ስምኩም፡ ስም ኣቦኹም፡ ቦታን ዕለትን ልደትኩም፡ ዜግነትኩም፡ መንበሪ ቦታኹም፡ ኣድራሻኹም፡ ደረጃ ትምህርትኹም፡ ስራሕኩም፡ ሃይማኖትኩም፡ ቦታ ነባርነትኩም፡ ትፈልጥዎም ቋንቋታት)፤ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ስድራ-ቤትኩምን ብዛዕባ'ቲ ናብ'ዚ ቦታ ንምብጻሕ ዘካየድኩሞ ጕዕዞን። ብዛዕባ ንሃገርኩም ራሕሪሕኩም ዝወጻኩሙሉ ምክንያትን ክትምለሱ ዘይትኽእሉን ምኽንያታትን፡ ሕጽር ዝበለ መብርሂ ንኽትህብዎም ክሓቱኹም እዮም። እንተደሊኹም ንታሪኽ ህይወትኩም ብመልክዕ ጽሑፋ እውን ከተቕርብዎ ትኽእሉ ኢኹም (ብቛንቋ ጥልያን ወይ ብኻልእ ቋንቋ)። ቋንቋ ጥልያን ዘይትዛረቡ እንተኼንኩም፡ እቲ ትዛረቡዎ ቋንቋ ዝዛረብ ተርጓሚ ንኽግበረልኩም መሰል ኣለኩም።

ፓስፖርት ምስዝህልወኩም ናብ ፖሊስ ከተረክብዎ ይግባእ። ናብ ኢጣልያ ምስኣተኹም ንዝረኸብኩሞ ኰነ ካብ ናይ መበቆል ሃገርኩም ንዝተማላእኩሞ ኩሉ ሰነድ እንተኣቕረብኩም እውን ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል (ንኣብነት፡- ሰነዳት ፍቓድ መገሻ፡ ናይ ቃል ኪዳን(መርዓ) ወረቐት፥ ናይ ሕክምና ወረቐት፡ ስእሊ፡ ዓንቀጻት ግዜጣ)። በዚ መገዲ እዚ፡ ብዛዕባ ዘጋጠመኩም ጉዳይ ኰነ ብዛዕባ ኵነታትኩም ንምግንዛብ ዝቐለለ ይኸውን።

እንተድኣ፡-

- ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይኑ፣
- ጓል ኣንስተይቲ እንትኾይንኪ፣ ብፍላይ ድማ ነፍሰጾር እንተኾይንኪ፤
- ከቢድ ሕማም ምስ ዝህልወኩም፣

- ትሕቲ-ዕድመ ህጻናት ዘለዎ ንውልቁ ወላዲ እንተኾንኩም፣
- ስንክልና ምስ ዝህልወኩም፣
- እንተድኣ **ስነ-ልቦናዊ ደገፍ** ዘድልየኩም ኰይኑ፡ **ግዳይ ስቅያት ነርኩም** ፡ **ኣካላዊ፡ ስነኣእምሮኣዊ** ወይ **ጾታዊ ዓመጽ** ወይ **ጾታ መሰርት ብምግባርን ድዩስ ብሰንኪ ጾታዊ ዝንባለኹም ግድይ ዓመጽ** እንተኼንኩም፡ እንተድኣ **ግዳያ ንግዲ ደቂ ሰብ** ከምኡ'ውን **ግዳይ ምኽንሻብ ደቀ'ንስትዮ** ኾይንኩም/ክን።፣
- ካልእ ፍሉይ ድሌት ምስዝህልዉኹም።

ምስ ኣባላት ፖሊስ፡ ምስ ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ ተዓቝብኩሙሉ ዘለኩም ማእከል መቀባል ስደተኛታት፡ ምስ ማሕበራት ተጣባቕቲ መሰል ሓተትቲ ዕቝባ ወይ ምስ ጠበቓኹም ካብ ምዝርራብ ድሕር ኣይትበሉ።

እዞም ኵነታት እዚኣቶም ንዓኻትኩም ዝውክሉ ምስዝኾኑ፡ እዞም ቀጺሎም ዝዝርዘሩ መሰላት ይህልዉኹም፡-

1. ኣብ **ፍሉይ መዕቈቢ ምጽናሕ** (ንኣብነት፡ ኣብ ማእከላት መዕቈቢ ትሕቲ-ዕድመ ወይ ናብ ጾታዊ በለጽ ዝተቓልዑ ሰባት ክዕቈቡሎም ኣብ ዝኽእሉ ውሕስ ቦታታት ክትውዝዑ ትኽእሉ ኢኹም)፣

2. **ብክኢላታት ሰራሕተኛታት** (ዶክተር፡ ክኢላ ስነ-ልቦና፡ ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ጉዳያት...) ምክትታልን ሓገዝን ክግበረልኩም፣

3. ዘቕረብኩሞ ናይ ዑቅባ ሕቶ **ብቀዳምነት መርመራ** ክግበረሉ እዩ።

እቲዝመላእክሞ ሲ3 ዝበሃል ፎርም ከኣ ብኣኹምን ብኣባል ፖሊስን እቲ ዝተሓጋገዘኩም ተርጓምን ክፍረም ኢዩ። ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት ምስዝኸውን ድማ ብወገን ሕጋዊ መጕዚትኩም ይፈረም። (ብዛዕባ ትርጉም ናይ'ዚ መጸውዒ ቃል እዚ ኣብ ገጽ 16 ተመልከቱ) ወይ ሓላፊ ናይ'ቲ ተዓቝብኩሙሉ ዘለኩም ማእከል መቐበሊ ስደተኛታት ክፍረም እዩ። ሓደ **ቅዳሕ ናይ'ት ዝመላእኩሞ ሲ 3 ዝበሃል ፎርም** ክትቅበሉ ኢኹም ።

## መጠንቀቕታ

እንተድኣ ኣብ **ኣድራሻኹም ለውጢ ተገሩ** ንፖሊስን ን ዞባዊ ኮሚሽንን። (መንበሪ ቦታኹም ወይ ቍጽሪ ተሌፎን) **ክትሕብሩ** ይግባእ። መታን ንዓለም- ለኻዊ ዕቝባ ብዝምልከት ዘቕረብኩሞ ሕቶሓበሬታ ብግዚኡን ክበጽሓኩም ፤ ንኣብነት፡ ብዛዕባ ግዜን ዕለትን ናይ'ቲ ምስ ዞባዊ ኮሚሽን እተካይድዎ ቃለመሕትት። ምስ'ዚ ሕቶ ዑቕባ ብዛዕባ ዝወሃቡኒ ውሳኔታት ብኸመይ መገዲ እየ ክፈልጥ ንዝብል - ኣብ ገጽ 28 ንዝርከብ ዝርዘር-ጽሑፍ ኣንብብዎ ኢኹም።

# መትከልን መምርሒ ምዕቃብ ምስጢር

እቲ ምስ’ቲ ንዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ብዝምልከት ሕቶኹም ተኣሳሲሩ ዝእከብ ሓበሬታ፡ **ምስጢራዊ** እዩ። ኮላቶም ነዚ ሓበሬታ እዚ ዝርእይዎን ዝጥቀሙሉን ሰባት፡ማለትእንተላይ ኣባላት ፖሊስ፡እቲ ምስጢርናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣሎዎም ።

ሕጊ ባዕሉ ከምዘረጋግጾ ሰብ- መዚ ኢጣልያን ብዘይ ፍቓድ ናትኩም ነቲ ምስ’ቲ ንዓለም ለኻዊ ዕቑባ ብዝምልከት ሕቶኹምተኣሳሲሩ ዝእከብ ኰነ ንዓኹም ድዩስ ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናብ ሓደጋ ከቃልዕ ንዝኽእል ካልእ ሓበሬታ፡ ምስ ካልእ ኣባል ዘይኰነ ሰብ ኣይክፈልጡን ኢዩ።ኣባል ዘይኰነ ሰብ ክበሃል እንከሎ፡ እንተላይ ሰብ-መዚ ናይ ሃገርኩም ዘጠቓልል እዩ።

ኣባል ዝኾነት ሃገር ኣትዩ ምንባሩን ዘይምንባሩንን ወይ ድማ እንተላይ ሕቶ ዕቑባ ኣቕሪቡ ምንባሩን ዘይምንባሩን ምርግጋጽ እዩ።

# ውሕስነት ውልቃዊ ሓበሬታ

መላእ መስርሕ ናይ'ዚ ሕቶ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ እተቕርቡሉ እዋን እዚ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ'ቶም ብመንጽር ሕጊ-ዱብሊን ዝካየዱልኩም ገምጋማት፡ ንዓኹም ዝምልከት ተኣፋፍነት ዘለዎ ሓበሬታ ክእከብ እዩ (ውልቃዊ ሓበሬታን ዝርዝራትን፡ ኣሰር ኣጻብዕቲ፡ ሰነዳት ወዘተ)። እዚ ሓበሬታ፡ ነዚ መምርሒ እዚተግባራዊ ኣብ ምግባርን ብዛዕባ ዘለኩም ንዕቑባ ዝምልከት መሰረታዊ ሕቶ ግንዛቤ ኣብ ምፍጣርን ተደላዪ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ሰብ-መዚ ሃገራት ኤውሮጳ ንዓኹም ዝምልከት መዝገብ ንኸስፍራን ብዛዕባ ኣብ'ዛ ሃገር ዘለኩም ህላውነትኩም ከነጽራን ሓጋዚ እዩ።

እዚ ውህሉል ሓበሬታ እዚ ኣብ'ቶም ኣብ ሕጊ ተጠቒሶም ዝርከቡ መዓላታት ጥራይ ኪውዕል ዝኽእሉ ኰይኖም፡ ኩሉ ሻዕ ውሑሳት ኣብ ውሽጢ ኮምፕዩተራዊ ማዕከናት ሓበሬታ እዮም ዝዕቀብ። እዘም ማዕከናት ሓበሬታ እዚኣቶም ንስኹም ባዕልኹምን ኣብ ጉዳይኩም ኢድ ዘለዎም ዝተፈቕደሎም ሰራሕተኛታትን ጥራይ እዮም ክርእይዎ ዝኽእሉ።

እዘም ማዕከናት ሓበሬታ እዚኣቶም ነዘም ስዕቡ ባእታታት ዘጠቓለሉ እዮም፡-

- **Vesta.net**: ኣብ ጥልያን ንኹሉ ምስ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ዝታሳሰርን ዝቐርቡ ሕቶታትን ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ።
- **Dublinet**: ንመስርሕ ምርግጋጽ ውሳኔ ናይ'ታ ብዛዕባ ዘቕረብኩሞ ዓለምለኻዊ ዕቑባ ዝምልከት ሕቶ እትግምግም ሃገር ብዝምልከት ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ።

- **Eurodac**: ኤሌክትሮኒካዊ ስርዓት ኰይኑ፡ ኣሰራት ኣጻብዕቲ ናይ ሓተትቲ ዕቝባ ዝዕቀበሉን ዝገናዘበሉን እዩ። ዕላማኡ ድማ ሓደ ውልቀ-ሰብ ናብ ዶብ ናይ ሓንቲ ኣባል ሃገር ሰጊሩ ሕቶ ኣቕሪቡ እንተ ጽኒሑ ንምምዝጋብ እዩ።

ኣብ መላእ እዚ መስርሕ :እዞም ዝስዕቡ መሰል ክህልወኩም እዮም፥

1. ሓበሬታ ብዛዕባ ሰበስልጣን ንመስርሕ ዳብሊን ሓላፍነት ዘለዎምን፥ ብዛዕባ ዋሕስ ዝህቡ ብዓል መዚ ተጣባቒ እሱራት ፣ ንውልቃዊ ፋይልካ ዝሕዙን ዝዕቅቡን ሓበሬታ ንምርካብ።

2. ነቲ ንዓኹም ዝምልከት ውህሉል ሓበሬታ ንኽትርእይዎ፣

3. ምትዕርራይን ምድምሳስን ምስዝግበር ኣብ ፍይልካ፡ ናይቲ ኣቓዲሙ ዝተጠቕሰ ውህሉል ሓበሬታ ምቕባል፣

4. ኣብ'ቲ ንዓኹም ዝምልከት ውህሉል ሓበሬታ ምትዕርራይ ንኽግበር ጠለብ ከተቕርቡ (እንተላይ ኣብ'ቲ ሓበሬታ ዩራዲክ/Eurodac ማለት ዘይቅኑዕ ምስዝኾውን፤ ምስ ሕጊ ዘይቃዶ ምስ ዝኾወን ንኽደምሰስ ሕቶ ከተቕርብ ትኽእል።

# መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ እየ፡ እንታይ ክገብር ይግባኣኒ?

ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት ኰይኑ ምሳኹም ዝኾነ ይኹን ዝውክለኩም ኣባል ቤተ-ሰብ ምስዘይህልወኩም፡ ብቅልጡፍ ንፖሊስን ንኣባላት ማእከል መቐበሊ ስደተኛ ብዛዕባኡ ሓብሩ እሞ፡ **ኣብ ኢጣልያ መሰነይታ ንዘይብሎም ትሕቲ-ዕድመ ህጻናት ከምዝግባእ ፍሉይ ውሕስነታዊ ኣተሓሕዛ** ክግበረልኩም እዩ።

"ውሕስነታት" ክበሃል እንከሎ፡ ከም'ዚ ዝስዕብ ማለት እዩ።

- መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ-ዕድመ ህጻናት ኣብ ዝቕመጡሉ ፍሉይ ቦታ ከም እትምደቡ ክግበር እዩ። ከምዚ ዓይነት ማእከል እንተዘይተረኺቡ ግን፣ 16 ዓመት እንተመሊእኩም፣ እንተበዝሐ ን150 መዓልታት ዝጽንሓሉ፣ ኣብ ውሽጢ ልዕሊ ዕድመ ዝእንገድሉ መቐበሊ ስደተኛታት፣ ንትሕተ ዕድመ ዝተሓዝአ ክፋል ዝርከቦ፤ ክትእንገዱ ትኽእሉ ኢኹም።
- ሓደ ዳኛ፡ ብዛዕባኹም ሓላፍነት ክስክም ዝኽእል እሞ ኣብ ኢጣልያ ኰይኑ ንመሰልኩምን ጥቅምኹምን ዝጣበቕን ደገፍ ንክገብረልኩምን ሓደ ዓቢ-ሰብ ሕጋዊ ኣላዪ ክምድበልኩም እዩ፡- ("ሕጋዊ መጉዚት")። እቲ ሕጋዊ መጉዚትኩም ኣብቲ ዓለምለኻዊ ዕቑባ ንምርካብ እተካይድዎ መስርሕ ክተሓጋገዘኩም እዩ።

- እንተ ኣባላት ቤተ-ሰብኩም ኣብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ይነብር ምስዝህሉ፡ ንኽትጽንበርዎም ሕቶ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም፣
- ኣብ ምግምጋም ናይቲ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ንምርካብ እተቕርብዎ ሕቶ ቀዳምነት ክወሃበኩም እዩ።

ብዛዕባ ዕድሜኹም ዘረጋግጽ **መለለዪ መንነት** ወይ ካልእ ምስክር ወረቐት ምስዝህልወኩም፡ ተቓላጢፍኩም ኣረክብዎ ኢኹም። ብዛዕባ ትሕቲ-ዕድመ ምዃንኩም ከቢድ ምጥርጣር ኣብ ዝህልወሉ እዋን፡ ሰብ-መዚ ኢጣልያ ምስ ዶክተር ወይ ብካልእ በዓል-ፍሉይ-ክኢላ ዕድመኹም ንምርግጋጽ ቃለ-መሕትት ንኽተካይዱ ተኽእሎ ኣሎ፡ ስዒቡወን ሕክምናዊ መርመራ ዕድመኻ ንምርገጋጽ ክግበርልኩም እዩ። እቲ መርመራ ድማ ብሓደ ፉልይ ብዓል ምያን ብእትርድእዎ ቋንቋን ብሓገዝን መሰነይታ ተርጋሚን እዩ ዝካየድ። ኣብ ገለ ብፍሉይ ኩነታት እዘም መርመራታት ብቐጥታ መንነትካ ኣብ ዝምዝገሉ እዋን ክካየድ ይኽእል እዩ፣ ማለት ብፖሊስ ኣብ ትምዝገበሉ እዋን።

# 3. መሰላትን ጉቡኣትን ሓተትቲ ዕቑባ

ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ንምሕታት ውለንታኹምን ደልየትኩም ምስ እተገልጹ፡ “**ሓተትቲ ዕቑባ**”ትኾኑ። ንሓተትቲ ዕቑባ ፍሉያት መሰላትን ግቡኣትን ኣለውዎም።

## ግቡኣተይ ኣየኖት እዮም?

**ምትሕብባር** ፡- ኩሉ ግዜ ምስ ብዓል- መዚ ገምገምቲ ኮሚሽን ንኣፍልጦ ሕቶ ዑቕባ ንኽትታሓባበርን ግቡእኩም እዩ፥ እዚ ማለት ምእንቲ ነቲ ሕቶኹም ንምምርማር ክጠቕም እቲ ዘለኩም ዶክመንትትን (ወረቓቕትን) ን ሓበሬታን ከተቕርቡ ኣገዳሲ እዩ።

**ዝግበር ካብን ናብን ምቅይያር ቦታ ምሕባር**፥ንእትገብሮ ምቅያር ኣድራሻን መንበሪ ገዛን ንቤት ጽሕፈት ፕሊስ ክትሕበር ጉቡእካ እዩ፡ብኽምዚ መንገዲ ድማ ኩሉ ግዜ ህላውነትካ ተረጋግጽ፡ ነቲ ለውጢ ምስዘይትሕብር ወይውን ጌጋ ኣድራሻ ምስ ዝኸወን፡ነቲ ዓለምለኻዎ ሕቶ ዑቕባ ዝምልከት ሓበሬታ ብጉቡእ ኣይክበጽሓኩምን እዩ። ብፍላይ ካብ ሰብ መዚ ዘባዊ ኮምሽን ዝግበርልኩም መጽወዕታ ንቃለ መሕተት ወይውን ንሕቶ ዑቕባኹም ዝተውህበኩም ውሳኔ ንክትፈልጥዎን ኣጸጋሚ ይኸውን።ንዝያዳ ሓበሬታ “ብኸመይ መገዲ እየ ዝሕበረኒ እቲ ውሳኔ” ኣብ ዝብል ዝርዝር ጹሑፍ ገጽ 28 ኣንብቡ።

**ኣብ ግዜ ቃለ-መሕተት ብኣካል ምቕራብ**፥ኣብቲ ዝውሃበኩም መጸዋዕታን ቆጸራን ብዘባዊ ኮሚሽን ንቃለመሕትት ኣብ ዕለቱን ን ሰዓቱን ኽትርከቡ ጉቡእኩም እዩ። ይኹን እምበር ኣብቲ ግዜ ቆጸራ ብሰንኪ ከቢድ ጸገምን ምኽንያትን ክትርከብ ምስ ዘይትኽእል፡ ነታ ኮሚሽን ብቕልጡፍ ብምሕባር ነቲ ቆጸራ ንኽቕየር ምሕታት ካደልየኩም እዩ። ኣብ ሓደ መቀበሊ ስደተኛታት እንተ ትንብር ኮንካ እቶም ሰራሕተኛታት ክሕግዙኻ እዮም ።

ኣብ **ውሽጢ ኢጣልያ ምጽንሕ**፡- እዚ መስርሕ ምሉእ-ብሙሉእ ክሳብ ዝዛዘም፡ካብ ኢጣልያ ክትወጹ ኣይግባእን ። ናብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ኬድኩም ሕቶ ዑቕባ ምስእተቕርቡ፡ ናብ ኢጣልያ ከምእትምለሱ ክግብር ተኽእሎ ኣሎ።

**ሕግታት ጣልያን ምኽባር**፡- ኩሉ ግዜ ብሕጋጋት ጣልያን ከተኽብሩ ግዴታ ኣለኩም። ዝኾነ ይኹን ሕቶ ምስዝህልወኩም፡ ማለት ሕጋውያንን ዘይሕጋውያንን ዝኾኑ ነገራት ኣየኖት እዮም ብምባል ሕቶ ናብ ክኢላ ሕጊ ንምቕራብን ምውካሰን ድሕር ኣይተበሉ ።

# ከም ሓታቲ-ዕቍባ መጠን ንዓይ ዝምልከቱ መሰላት ኣዮኖት እዮም?

**ሓበሬታ ይውሃበኩም**፡- እቲ ዘቕርብኩምዎ ሕቶ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ዝተቐበሎ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ብዛዕባ ጉቡኩምን መሰልኩም ተወሳኺውን ደርጃ ብደርጃ እቲ መሰርሕ ከመይ ከምዝኸየድ ዘሎ ሓበሬታ ኽህበኩም እዩ።ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብቲ እተቕመጠሉ መቀበሊ ስደተኛታት ዘሎ ንክኢላ ሕጊ ወይውን ንተን ኣብቲ ዘባኻ ዘሎዋ ማሕበራት ተጣበቕቲ መሰል ሓተቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ተወከስ። ኣብ ዝኾነ መድረኽን መስርሕን ንላዕለዋይ ቤት-ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኻታት፡ማለት(ዩ.ኤን.ኤች.ሲ.ኣር.UNHCR) ኩሉ ግዜ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ መወዳእታ ገጽ ናይዚ መምርሒ ገለ ጠቓምቲ ኣድራሻታትን ቁጽሪ ተሌፎን ሰፊሮም ኣለዉ።

**ኣብ ኢጣልያ ምንባር**፡- ከም ሓታቲ ዓለም-ለኻዊ ዕቍባ መጠን እቲ ሕቶኹም ክሳብ ኣብ ዛዛሚ ውሳኔ ዝብጻሕ፡ ብሓፈሻኡ፡ኣብ ኢጣልያ ብሕጋዊ መልክዕ ክትቅመጡን ኽትጸንሑ ዕድል ኣለኩም።

ኣብ ገለ ጉዳያት፡ ኣብ ኢጣልያ ንኽይትነብሩ ዕድል ዘይክወሃበኩም ይኽእል እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ "ኣንጻር ውሳኔ ዘበዋ ኮሚሽን ይግባይ ክብል እኽል ዶ" ንዝብል ኣብ ገጽ-29 ዝርከብ፡ ከምኡውን "ዓለም-ለኻዊ ዕቍባ ንምርካብ ሓድሽ ሕቶ ከቕርብ እኽእል ዶ" ንዝብል ኣብ ገጽ-30 ዝርከብ ዝርዝር-ጽሑፍ ተመልከቱ ኢኹም። ብናይ ክኢላ ሕጊ ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽወሃበኩም ሕቶ ኣቕርቡ።ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽወሃበኩም ንኽኢላ - ሕጊ ሕቶ ኣቕርቡ።

**ሰነድ (ዶክመንት) ምውሳድ**፡- ከም መለለዪ መንነት ኮይኑ ዘገልግል ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ንሓተትቲ ዕቍባ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዶክመንት(ሰነድ) ኣብ ኢጣልያ ንክትነበር ዘፍቅድ ሰነድ እዩ ። እዚ መንበሪ ፍቓድ ክሳብ እቲ ሕቶኹም ናይ መወዳእታ ወሰኔ ዝወሃበክም ዘገልግል እዩ።

**ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና**፡- ብናጻ ኣገልግሎት ጥዕና ንኽትጥቀሙ መሰል ኣለኩም።

**ምዝገባ ኣብቲ እትነብረሉ** ምምሕዳር ከተማ።

**ትምህርቲ**፡- ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንኽትምዝገቡ መሰል ኣለኩም።

**ስራሕ**፡- ኣብ መደበር ፖሊስ ንዓለም-ለኻዊ ዕቍባ ሕቶ ምስ ኣቕረብኩም፡ ድሕሪ ክልተ ወርሒ ጉዳይኩም ክሳብ ዝውዳእ ኣብ ስራሕ ክትዋፈሩ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ንሓተቲ ዑቕባ ዝወሃብ መንበሪ ፍቓድ፡ ናብ ናይ ስራሕ መንበሪ ፍቓድ ኽቅየር ኣይካእልን እዩ። ከምኡውን ስድራቤትካ ናይ ምጥርናፍ መሰል ኣየውህብን እዩ።

**ማእከል መቐበሊ ሓተትቲ ዑቅባ**፡- ርእስኹም እትኽእሉሉ ቁጠባዊ ዓቕሚ ምስዘይህልወኩም፡ ኣብ ናይ ሓተትቲ ዕቍባ ማእከል መንበሪ ቦታ ንኽወሃበኩም መሰል ኣለኩም።

# 4. ማእከል መቕበሊ ሓተትቲ ዑቅባ

## ብሰንኪ ቁጠባዊ ዓቕሚ፡ ነብሰይ ክኢለ ክነብር ስለዘይክእል፡ክሕግዘኒ ዝኽእል ገለ ኣካል ኣሎ ዶ?

ናብ ኢጣልያ ምስ ኣተኻ ናይ መጀመርታ ኽንክንን ሓበሬታን ዚወሃበሉ ናይ **ቐዳማይ ረድኤትን** ዚግበረሉ **ማእከል** ወይ ቦታ ክትኣቱ ኢኻ።

ድሕሪ መንነትኩም ብፖሊስ ምስተነጸረንምስትረጋገጸን ፡ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ንምርካብ ሕቶ ከተቕርቡ ከምእትደልዩ ፍቓደኛነት ከም ዝኮንኩም ምስ ኣርኣኹም፡ ንነብሰኹም ቀረብ መግብን መጽለልን ከተውሕሱላ ዘይትኽእሉን ትሕዝቶ ምስዘይህልወኩም፡ ናብ **መቐበሊ ማእከል ናይ ሓተትቲ ዕቑባ** ክትግዕዙ ኢኹም። መስርሕ ተቐባልነት ናይ'ቲ ንዓለም ለኻዊ ዕቑባ ክሳብ ዝውዳእ ኣብቲ ማእከል እ ክትጸንሑ ኢኹም (እንተላይ እትገብርዎ ይግባይ ናብ ቤት ፍርዲ ኣንጻር ወሳኔ እቲ ዞዋ ኮሚሽን ኣብቲ መቀበሊ ክትቅመጡ መሰል ኣለኩም)። ኣብ ፕሮጀክትታት SAI (Sistema di Accoglienza e Integrazione - ስርዓት መቀበሊን ምውህሃድን ቦታ)፣ፍሉይ ክንክን ዘድልዮም ሓተቲ ዑቅባ (ከም ኣብነት ስንኩላን፣ ኣረጋውያን፣ ነፍሰጾራት፣ ወለዲ ምስ ትሕተ ዕድመ ደቆም፣ ግዳያት ንግዲ ደቂ ሰብ ፣ ከቢድ ሕማም ወይ ናይ ኣእምሮኣዊ ጸገም ዘለዎም፣ ግዳያት እተረጋገጸ ስቓይ ምግሳስ ወይ ካልእ ምስ ጾታዊ ኣንፈት ወይ ጾታዊ መንነት እተተሓሓዘ ኸቢድ ስነ - ኣእምሮኣዊ ኣካላዊ ወይ ጾታዊ ዓመጻ፥ ግዳያት ምቑራጽብልዕቲንምኽንሻብን) ነጻ ቦታ ምስ ዝርከብ ክሰጋገሩ ይኽእሉ እዮም።

መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ-ዕድመ ህጻናት ምስእትኾኑ፡ ንኸማኹም ዝኣመሰሉ ትሕቲ-ዕድመ ሰባት ጥራይ ኣብ ዝተሓዝአ ፍሉይ መዕቌቢ ንኽትጸንሑ መሰል ኣለኩም። ከምዚ ዓይነት ማእከል እንተዘይተረኺቡ ግን፣ 16 ዓመት እንተመሊእክም፣ እንተበዝሐ ን150 መዓልታት ዝጽንሓሉ፣ ኣብ ውሽጢ ልዕሊ ዕድመ ዝእንገድሉ መቐበሊ ሰደትኛታት፣ ንትሕተ ዕድመ ዝተሓዝአ ክፋል ዝርከቦ፤ ክትእንገዱ ትኽእሉ እኹም። ትሕቲዕድመ ምዃንኩም መረጋገጺ ክህቡልኩም ዝክእሉ ሰነዳት(ወርቐት)ምስዘይህልዉኹም፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ተዓቑብኩሙሉ ዘለኩም ማእከል መቐበሊ ሰደተኛታት ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ወይ ካብ መደበር ፖሊስ ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽትረኽቡ ሕተቱ ።

# ኣብ ማእከል መቐበሊ ስደተኛታት ዝህልዉ መሰላትን ጉቡኣን እንታይ እዮም?

**ሕጋጋት ናይ'ቲ ማእከል** ኣብቲ መቐበሊ ትነብርሉ እዋን መሰላትካን ጉቡእኩምን ብዝርዝር ይሕበረኩም።

እዞም ዝስዕቡ መሰላት **ኣለዉኹም**:-

ሀ. **ንኽብረት-ሰብ ዝግባእ** መንበሪ ቦታ። ንደቂ-ተባዕትዮን ደቀ'ንስትዮን ዝወሃቡ መንበሪ ቦታታት ካብ ሓድሕዶም ዝተፈልዩ እዮም፤ ምስ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም እንተሃሊኹም ምሳቶም ብሓባር ንኽትቅመጡ መሰል ኣለኩም፣;

ለ. እኹል **ቀረብ መግቢ**፡ ምናልባሽ እውን ምስ መሰረታዊ ልምዲ ኣመጋግባኹም ዝኸይድ

ሐ. **ክዳውንቲ** ከምኡ'ውን ኣድለይቲ **ንጽሬት ዘገልግሉ ቀረባት**

መ. ንሓደ-ሓደ ወጻኢታት ክሽፍነልኩም ዝኽእል **ኣበርክቶ** ጥረ-ገንዘብ

ሰ. **ሕክምናዊ ኣገልግሎት**

ሸ. **ማሕበራዊ ክንክን ኣገልግሎት**

ቀ. ሓበሬታ **ስርዓተ-ሕጊ ሃገረ ኢጣልያ**

በ. ቓንቓኹም ዝዛረብ ኣተርጋሚ

**ኣብ'ቲ ማእከል ኣብ እትጸንሑሉ እዋን፡ ወከልቲ ዩ.ኤን.ኤች.ሲ.ኣር.UNHCR፡ ከምኡ'ውን ጠበቓኹምን ኣባላት ስድራ- ቤትኩምን ንኽበጽሑኹም መሰል ኣለኩም።** ከምኡውን ኣባላት ተጣበቕቲ መሰል ስደተኛታት ሕቶ ብምቕራብ ናብቲ ማእከል መቀበል ስደተኛታት ፍቓድ ምስዝዋሃበን ንኽኣትዋ መሰል ኣለወን።

**ዝኾነ ይኹን ፍሉይ ድልየታት ምስዝህልወኩም፡ ሓገዝ ንምርካብ ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ ማእከል ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።** ንኣብነት፡ ነብሰጾራት ምስእትኾኑ፡ ኣካላዊ ድዩስ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት ምስዝህልወኩም፡ ከምኡ'ውን ግዳያት ኣካላዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ድዩስ ጾታዊ ዓመጽን ኴንኩም እንተኔርኩም።

እቶም ሰራሕተኛታት እቲ ዘለኹምዎ ማእከል ብዛዕባ መሰረታዊ ሕቶታትኩም ብዝተኻእሎም መጠን ክርዱኡካ ምእንቲ ፡ ብዛዕባ እቲ ከበደ ዝበሃል ተመኩሮታትኩምን ስቅያትኩምን እውን እንተኾነ ንኽትሕብርዎም ኣይትፍርሑ፤ ምኽንያቱ፡ ንሳቶም ምስጢራውነት ንዘይምቅላዕ ብሕጊ የሕትቶም ስለዝኾነ ፡ ካባኹም ፍቓድ ከይረኸቡ ንዝሃብኩሞዎም ሓበሬታ ንኻልእ ኣይኪሳጉርን እዮም።

ኣብ'ቲ ማእከል ኣብ እትጸንሑሉ እዋን፡ እዞም ዚስዕቡ ግቡኣት ኣለዉኹም፡-

**ሀ.** ምስ'ቶም ከማኻትኩም ዝኣመሰሉ ስደተኛታትድዩስ ምስ ሰራሕተኛታት ማእከል፡ ኩሉሳዕ **ኣኽብሮት ብዝመሎኦ ኣገባብ** ክትመላለሱ ይግባእ ።

**ለ.** ኩሉሳዕ **ሕግታት** ከተኽብሩ።

ሳዕቤን ናይ ዝኾነ ይኹን እትፍጽምዎ ከቢድ ምጥሓስ ሕጊ፡ ካብ'ቲ ማእከል ክትስጎጉ ትኽእሉ ኢኹም። ንዝያዳ ንምንጻር ንኺኢላ ሕጊ ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽወሃበኩም ሕቶ ኣቕርቡ።

# ካብቲ ማእከል መቐበሊ ስደተኛታት ብምርሓቕ ክኽየድ እኽእል ዶ?

ኣብ ማእከል መቐበሊ ስደተኛታት ከተኽብሮም ዝግባኣካ ሕግታት ኣለዉ፥ ሓደ ካብኡ ምኽባር ሰዓታተ፥ እቲ ዝተዋህበካ ሰዓታት ብምኽባር ናይ ቀትሪ ካብቲ ማእከል ንኽትወጹ ናጻ ኢኹም። ካብ ሓደ ማዕልቲ ንላዕሊ ካብቲ ማእከል ኽትወጹ ምስእትደልዩ ፍቓድ ምሕታት ከድለየኩም እዩ።ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ነቶም ሰራሕተኛታት ማእከል ተወከሱ።

ብዘይ ፍቓድ ምስእትወጹ ወይውን ምሸት ናብ'ቲ ማእከል(ካምፕ) ምስዘይትምለሱ፡ ነቲ ኣብ'ቲ ማእከል ተዓቒብኩም ንኽትጸንሑ ዝተዋህበኩም መሰል ክትከስርዎ ተኽእሎ ኣሎ።

# 5. ገምጋም ናይ ዝቐርበ ሕቶን ክህልዉ ዝኽእሉ ውጽኢታትን

ሕቶ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ምስኣቕረብኩም፡ ቃለ መሕተት ንምግባር ብዘባዊ ኮሚሽን ክኢላ ብዓል-መዚ ገምጋሚ ሕቶ ዑቕባ ኽትጽውዑ ኢኹም።

እቲ ቃለ-መሕትት ንምክያድ እትጽበይዎ ግዜ ካብ ሒደት ሰሙናት ክሳብ ቁሩብ ኣዋርሕ ዝወሰድ ግዜ ኣለዎ። ነዚ ግዜ እዚ ነቲ ዝካየደልኩም ቃለ-መሕትት ንምድላው ተጠቐሙሉ፡ ከምኡ'ውን ዘድልዩኹም **ሰነዳት(ዶኩመንት) ኣኻኽቡ** ፤ ነዚ ምግባር እንተላይ ንሰራሕተኛታት ማእከል መቐበሊ ስደተኛታን ወይውን ንማሕበራት ገበርቲ ሰናይ ንኽትሓጋገዙኻ ተወከስ።ብድሕሪኡ ድማ ኩሉ ዝኣከብኩሞ ሰነድ(ዶኩምንት)ንሕቶኽም ኣብ ምግምጋም ውጽኢት ይጠቕም ኢዩ ዝበልኩምዎ ወረቐት ንዘባዊ ኮሚሽን ኣረክብዎ ኢኹም።

**መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ-ዕድመ ምስእትኾኑ** ወይ ገለ ፍሉይ ድልየታት ምስዝህልወኩም፡ኣብ መስርሕ ናይ'ቲ እተቕርብዎ ሕቶ **ቀዳምነት** ኪወሃበኩም ተኻእሎ ኣሎ።

ነቲ ሕቶ ዓለም-ለኻዊ ዑቕባ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ክትድምስሱዎ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ከመይ ጌርኩም ከምእትፍጽምዎ ንምፍላጥ፡ ካብ ክኢላ ሕጊ ሓበሬታ ንኽወሃበኩም ሕተቱ።

## እቲ ቃለ-መሕትት ብኸመይ መንገዲ እዩ ዝካየድ?

ብሓደ ባዓል መዚ ዘባዊ ኮሚሽን ቃለ-መሕትት ክግበረልኩም እዩ። እቲ ቃለ-መሕትት ብምቑኡነትን ብዘይስክፍታ ምእንቲ ኽትፍጽምዎ ፡ ብሓደ ወዲ-ተባዕታይ ወይ ውን ጓለ'ንስተይቲ ባዓል መዚ ክግበርልኩም ክትሓትቱ ትኽእሉ ኢኹም፡ እንተተኻኢሉ ሕቶኹም ክትዕግቡ ኢኹም።

ብመሰረት ሕቶኻ ወይ ውን ብውሳኔ እቲ ፕረዝደንት ብምሉእ እቲ ሽማግለ ዘባዊ ኮሚሽን ወይውን እቲ ፕረዚደንት ባዕሉ ቃለ መሕተት ክግበርልኩም ይኽእል እዩ።



ኣብቲ ናይ ቃለ መሕትት ግዜ ብህላወንተ ሓደ **ብቋንቋኹም** ዝትርጉም ኣተርጋሚ እዩ ዝትግበር።ጽቡቕ ምስዘይትርዶኦ ወይውን ህላወነቱ ዘየመችእን ዘየረጋግኣን ምኽንያት ምስዝህሉ ነቲ ብዓል መዚ ቃለ መሕትት ዝገብርልካ ሓብሮዎም ኢኻም።

**ኣተርጋሚ ሓደ ካብዝኮነ ፖለቲካዊ ዝምባለ ናጻን ገለልተኛን ዝኮነ ብቋንቋኹም ዝትርጉም** ክኢላ ነቲ ዝብሃል ቃልብቃል ዝተርጉምን ኣብቲ ናይ ቃለ መሕትት ግዜ ክህሉ እዩ። ምስጢር ንኽዕቅብ ግደታ ሃልዩዎ፥ ኣብቲ ናይ ውሳኔ መስርሕ ግን ኣይሳተፍን እዩ።

እቲ **ቃለ-መሕትትብውልቂእዩ ዝካየድ**።ዋላእኳ እቲ ቆጸራ ኣብ ሓደ መዓልቲ እንተኾነ፥ ንመጻምድትኹም ወይውን ንኻልኦት ኣባላት ስድራቤት በብውልቅኹም ኢኹም ቃለ-መሕትት ከተካይዱ። ዕድሜኹም ትሕቲ

18 ዓመት ኰይኑ ምስ ወለድኹም ምስእትህልዉ፡ ቃለመሕተት ክግበርልክም ድዩስ ወይውን ኣይፋል፡ እቲ ዞባዊ ኮሚሽን እዩ ዝውሰኖ። ንኽግበርልካ ምስ ዝውሰን ብህላወነት ሰድራኻም ክኸውን እዩ። እቲ ዞባዊ ኮሚሽን ኣድልይ ኮይኑ ምስዝረኸቦ ድማ ብወልቂ ብዘየስድራኹም ቃለ መሕትት ክገብረልክም ይኽእል እዩ።

**ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት ኰይኑም ብዘይ መስነይታ ሓደ ወላዲኽም ምስእትህልዉ፡ ብመገዲ ህላወንት ሓደ ሕጋዊ ወኪልኩም ቃለ መሕተት ክካየደልኩም እዩ።**( ገጽ 16 ተወከሱ)

ካብ እትኣምንዎ **ጠበቓ** ሓገዝ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም (ክትዝክርዎ ዘሎኩም ኣብ'ዚ ደረጃ እቲ ኣገልግሎት ናይ ጠበቓ ብነጻ ኣይኮነን)

ቅድሚቃለ-መሕትት ምክያዱ ዝኾነ ይኹን መሰረታዊ ሕቶ ምስዝህልወኩም፡ ንሰራሕተኛታት **ደገፍ** ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም (ንኣብነት፡ ንኣሳላጢ ማሕበራዊ ጉዳያት ወይውን ነቲ ናይ ሰነ ልቦና ምክትታል ዝገብረልኩም ምሳኹም ክሰንየኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ዝያዳ ንጹር ኣሰራርሓ ምእንቲ ክኸውን እቲ ዝካየደልኩም ቃለ መሕትት ብፊድዮ ክቅዳሕ እዩ። ዝኮነ ቴክኒካዊ ጸገም ምስዘጋጥም ወይ ድማ ብ ኮሚሽን ፍልይ ውሳኔ ምስዝውሃብ ጥራይ እዩ ዘይትግበር።ብፊድዮ ክትቅዳሕ ድልየት ምስ ዘይህልወካ እቲ ምኽንያትካ ሕቶ ኣቕርብ እታ ዘባዊት ኮሚሽን ድማ ኽትውሰን ኢያ።

ኩሉ ኣብ'ቲ ናይ ቃለ-መሕትት እዋን ዝተዘርበ ዘረባ፡ ናብ ጽሑፍ ከምዝቕየር ተገይሩ፡ **ጽሑፍ ዝርርብ ንፍርዲ** ተባሂሉ ይጽዋዕ። ቃለ-መሕትትኣካዪድኩምምስዛዘምኩም ዳግማይ ብሓገዝ ተርጓሚ ዳግማይ ከንበበልኩም ኢዩ። ገለ ዘይልክዕ ሓበሬታ ወይ ብፍሉይ ክጥቀስ እትደልይዎ ነገር ምስዝህሉ፡ ነቲ ቃለ መሕተት ዝገበረልኩም በዓል ስልጣን እቲ ጽሑፍ ንኽእረም ሕተቱ። እቲ ቃለ-መሕትት **ብቪድዮ ምስዝቕረጽ፡** ኣካያዲ ቃለ-መሕትትን እቲ ተርጓሚን ኣብ'ቲ ጽሑፍ ክፈርሙ እዮም። ንስኹምውን ዝኮነ ምትዕርራይ እንተ ሓቲትኩም ጥራይኢኹምክትፈርሙ።እቲ ዝተኻየደልኩም ቃለ- መሕትት ብቪድዮ ምስ ዘይቕረጽ ኣካያዲ ቃለ-መሕትትን እቲ ተርጓሚን ንስኹምን ኣብቲ ጽሑፍ ዝርርብ ክትፍርሙ ኢኹም።

ትሕዝቶ እቲ ጽሑፍ ዝርርብ ዳግማይ ምስተነበበልኩም፡ሓደ ቅዳሕ ክወሃበኩም እዩ። ነዚ ጽሑፍ ከንብቦ ዝግባእ ሰብ መን ምዃኑ ንሱኹም ጥራይ ኢኽም እትወስኑዎ (ንኣብነት ንጠበቓኹም)።

ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት እቲ ቃለ መሕትት ብቪድዮ ክካየድ ይኽእል እዩ፣ ስለዚ ኣብ ቅድሚ ስክሪን ምስተረኺብኩም እቲ ዘካይደልኩም ሓታታይ ብዓል ስልጣን ድማ ኣብ ካልእ ቦታ ይርከብ ማለት እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት እውን እንተኾነ ሓደ ተርጓሚ እውን ክህሉ እዩ ። እቲ ቃለ መሕትት ብተመሳሳሊ መንገዲ ክካየድ እዩ።

ዞባዊ`ኮሚሽን ምስጢር ንኽዕቅብ ግዴታታት ስ ለ ዘ ለ ዎ ፡ ካብቲ ኣካላት መስርሕ ወጻኢ ዝኾነ ሰብ ንኻልእን (ንኣብነት ሰብ-መዚ ሃገርክምን፡ ስድራኽም ፡ነቶም ሰራሕተኛታት መቕበሊ ስደተኛታትን) ዝኮነ ሓበሬታ ብዘይ ፍቓድኩም ሓበሬታ ኣይከካፍልን እዩ።ስለዚ ብነጻ ብዘይፍርሒ ተዛረቡ ኢኻም።

# ከመይ ዝኣመሰሉ ሕቶታት እዮም ከቕርቡለይ?

እቲ ቃለ-መሕትት ዘካይድልኩም ኪኢላ፡ ንዛንታኹም ስሩዕ ብዝኾነ መልክዕ ንኽትነግርዎ ክሕግዘኩም እዩ። ብወገንኩም **ቕኑዓትን ተሓባበርትን** ክትኩኑ ከድልየኩም እዩ።

ክትዝክርዎ ዘይካኣልኩም ወይው ንዘይትፈልጥዎ ሕቶም ምስእትሕተቱ ሓብሮውም ኢኹም። ዝቕርበልኩም ሕቶ ምስዘይርደኣኩም ድማ እን ደ ገ ና መብርሂ ንኽወሃበኩም ሕተቱ።

ኣብ'ቲ ናይ ቃለ-መሕትት እዋን፡ ነዞም ቀጺሎም ዝጥቀሱ ጉዳያት ዝድህስሱ ሕቶታት ክቐርቡልኩም እዮም፡-

- መንነትኩም (ብዛዕባ መበቆልኩም፡ ስድራ-ቤትኩም፡ ባህልኹም፡ ትምህርትኹም፡ ምናልባሽ ከኣ ብዛዕባሃይማኖትኩምንፖለቲካዊኣረኣእያኹም ምንቅስቃስኩምን) ዝእመሰሉ ሕቶ ክትሕተቱ ኢኹም
- **ካብ መበቆል ሃገርኩም ንኽትወጹ ዝገደድኹም ምኽንያታትን፣**
- **ናብ ሃገርኩም ንምምላስ ዘለኩም ስግኣታትን** ከጋጥመኩም ዝኽእል ሓደጋንሳዕቤንን

# ጉዳየይ ብዘይ ቃለ-መሕትት ኣብ ውሳኔ ክበጽሕ ተኽእሎ ኣሎ ዶ?

ኣብ ገለ ጉዳያት፡ እታ ኮሚሽን ምሉእ ሰነዳትኩም (ወረቓቕትኻም) ምስቲ ምሶኦም ዘሎ ፋይልክም ምርኩስን ብምግባር፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት ብዘይቃለ መሕተት ኣብ ውሳኔ ክበጽሑ ይኽእሉ እዮም። እዚ ኸጋጥም ዚኽእል:

1. ዞባዊ ኮሚሽን ምሉእ ዑቕባ ስደተኛታት ኣፍልጦ ንምሃብ ዜድሊ ዅሉ ረቛሒታት ኣልዉኒ ኣብዝብለሉ ግዜ ፣

2. ብሰንኪ ጸገምጥዕና ወይ ካልእ ምኽንያትን ቃለ-መሕተት ንኽትገብር ዓቕምንብቕዓትን ምስዘይህልወካ( ኣብዚ ኩነታት ነቲ ዞባዊ ኮሚሽን ክትሕብርን ዘለካ ሰነድን ወርቕትን ከተቕርብ ኣለካ)።

3. ሓበሬታ ንኽሕበርካ ኣብ ዝደለየሉ ግዜ ምስእትሳኣኑን እታ ኮምሽን ዘሎዋ ሰንዳት (ወረቓቕቲ)ምርኩስ ብምግባር ምሉእ ዕቕባ ከውሀብ ዝኽእል ነጥብታት ምስዘይህልዎም ሕቶምኹም ክንጸግ ይኽእል እዩ። ኣብ ገሊኡ ኩነታት እታ ኮሚሽን እንደገና ቖጸራ ንሓደሽ ቃለ መሕትት ክዋሃበካ ብሕጊ ተኽእሎ እሎ ። እዚ ንምትግባር ግን ምስ ሓደ ጠበቓ ብምዝራብ ከተረጋግጹ ኣሎኩም።

4. ኣቀዲምኩም ከይሓበርኩም ኣብ'ቲ ዝተገብረልኩም ቈጸራ ናይ ቃለ- መሕትት ካብ ምቕራብ ምስ እተብዅሩ እታ ኮሚሽን ብዘሎዋም ሰነዳትን(ወረቓቕትንን) ምርኩስ ብምግባር ዑቕባ ከውሀብ ዝኽእል ነጥብታት ምስ ዘይህሉ እቲ ጉዳይክይም ብምንጻግ ክዛዘም ይኽእል።

ብሰንኪ ዘይተሓስበ ጸገማት ኣብቲ ግዜ ቓለ-መሕትት ምስዘይክትርከብ፡ እሞ ቀዲምካ ነቲ ኮሚሽን ኽትሕብር ምስ ዘይትኽእል፡ ብዝተኻለኩምን ብቕልጡፍን ምኽንያት ኣብ ግዜኹም ዘየመርከብኩም ነቲ ኮሚሽን ሓብሩ።ኣብ መወዳእታ እንደገና ክሰምዕኹም ዝካኣል እንተ ኮይኑ ከረጋግጹ እዮም።

| |
|---|
| ንዝያዳ ኣፍልጦ ንክኢላ-ሕጊተወከሱ። |

# ዓለም-ለኻዊ ውቕባ ንምርካብ ንዘቕርብካዮም ሕቶ ውጽኢት ኣየኖት እዮም?

እቲ ሕቶኻ ብሓንቲ ጉጅለ ብ4 ኣባላት ዝቆመ እዩ ዝግምገም፣ንሳቶም ድማ ፕረዚደንቲ ናይታ ኮሚሽን፣ሓደ ኣባል ዩ.ኤን.ኤች.ሲ.ኣር(UNHCR)፣ ክልተ ስበ ስልጣን ሚኒስትሪ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ( እቲ ዘዘራራብካ ሓደ ካብኦም ክኸውን እዩ)። ገምጋም ብምክያድ እቲ ክውሃብ ዝእኸሉ ውጽኢታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

- ✓ ምሉእ ዕቑብ ንስደተኛ ወግዓዊ ተቐባልነት
- ✓ ካልእይ ደረጃ ዕቍባ
- ✓ ፍሉይ ዕቑባ
- ✓ ፍቓድ ንሕክምናዊ ፍዋስ (ብዝያዳ ኣብ ገጽ 38 ተወከሱ)
- ✗ ንዝቐረበ ሕቶ ምንጻግ

# ኣብ ከመይ ኩነታት እዩ ከም ምሉእ ውቕባ ተቐባልነት ክረክብ ዝኽእል?

ብመሰረት ውዕል ናይ 1951 ዓ.ም. ስምምዕ ጀኔቫ፡ **ካብ መበቆል ሃገርኩም ብሰንኪ፡ ብጭብጢ ክረጋገጽ ዝኸኣለ ስግኣት ግዳይ ምክትታል ምስትኾኑ** ምሉእ ዕቕባ ንስደተኛታት ተፈላጥነት ክትረኽቡ ትኽእሉ ። እቶም ምኽንያታት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

- **ዓሌት** (ንኣብነት፡ብምኽንያት ሕብሪ ቈርበትኩም ወይ ብሄርኩም)፣
- **ሃይማኖት** (ንኣብነት፡ ንምኽንያት እትኽተልዎ ሃይማኖት ወይ እምነተ-ኣልቦ)፣
- **ዜግነት** (ንኣብነት፡ ብምኽንያት ቋንቋኹም፡ ባህልኹም ወይ ዓሌታዊ መበቆልኩም)፣
- **ፖለቲካዊ ኣረኣእያ** (ንኣብነት፡ ብሰንኪ ኣብ ፖለቲካዊ ጉጅለ ዘለኩም ኣባልነት ወይ ምስ ፖለቲካዊ ርኢቶኽም ብዝተኣሳሰር)፣
- **ኣባልነት ኣብ ፍሉይ ማሕበራዊ ጉጅለ፡** ማለት ኣባላታ ብዘለዎም ናይ ሓባር ጉጅለ ዝጥርነፉላ ወይ ድማ ብምኽንያት እዞም መለለዪታት እዚኣቶም (ንኣብነት፡ ኣብ ገለ ሃገራት ከም ዘይንቡር ዝውሰድ ወሲባዊ ዝንባለ፡ ዓይነት ስራሕ ወይ ቅዲ ባህሪያዊ ኣነባባራ) በቲ ሕብረተ-ሰብ ከም ፍሉይ ባህሪ ዘሎዎ ጉጅለ ተራኢኻ ምስ እትፈለ፡ ኣብ **ሃገርኩም ውሕስነት ክትረኽቡ ምስዘይትኽእሉን፡**

ካብታ ብስሩዕ እትነብርሉ ሃገር ዜግነት ምስዘይህልወኩምን ሃገር ኣልቦን ምስእትኾኑ።

ከም ኣብነት ግዳይ ምስጋግን ንስደትን ምክትታልን ንሂወትካ ዘስግእን፡ ስቓያት፣ግዳይባርነት፣

ውልቃዊ ናጽነትኩም ምስእትሰእኑ፥ ምኽንሽቦ ዱል ኣንስተይቲ ፥መሰርታዊ ዝኽነ መሰል ደቂ ሰብ ምስዝግሃስ ወይውን ካልእ ከቢድ ተድጋጋሚ ምግሃስን ብዘይ መሰል ምስ እትኾኑ ኢዩ።

## ኣብ ከመይ ኩነታት እዩ ከም ካልኣይ ደረጃ ዑቕባ ተቕባልነት ክረክብ ዝኽእል?

ምሉእ ዑቕባንስደተኛታት ንኽውህብ ዘኽእል ነጥብትታ ምስ ዘይህሉም እሞ ከም ካልኣይ ደርጃ ዑቕባ ኣፍልጦ ይወሃበካ። እዚ ግን **መሰርታዊ ዝኮነ ምኽንያት** ምስዝህሉ እዩ ዝውሃበኩም፥ ናብ ሃገርኩም ምስ እትምለሱ ንሂወትኩም **ከቢድ ሳዕቤን** ክወርድክም ይኽእል እዩ ምስዝባሃል( ናይ ሞትፍርዲ፥ ስቅያት፥ ኢሰብእዊ ኣታሓሕዛ ወይ **ግዳይ ምውራድ፥ምፍርራሕ ንሂወትኩም** ወይውን ኣብ ሃገርኩም ብዘሎ ብረታዊ ግጭት ንውልቃዊ ድሕነትክም ሃገርኩም ውሕሰነት ክህበኩም ምስ ዘይክእልን። ከም ተወሳኺ ኣብቲ ብልሙድ እትነብርሉ ሃገር፣ ሃገር ኣልቦ ምስ እትኾውን እዩ።

## ኣብ ከመይ ኵነታት እዩ ከም ፍሉይ ዕቑባ ተቖባልነት ክረ ክ ብ ዝኽእል?

ኣብ ፍሉይ ኩነታት ወናኒ ሓደ ካብቶም ዓለምለኽዊ ዑቕባ ኣፍልጦ ንኽይዋሃበካ ይኽእል እዩ። ግን ኣብ ሃገርካ ግዳይ ምስዳድን ኣብ ትሕቲ ምክትታልን፥ ስቅያትን፥ወይ ካልእ ኢሰብእዊ ኣታሓሕዛን ወርደትን ክትከወን ስለትኽእል ኢዩ ተባሂሉ ፍሉይ ዑቕባ ተቕባልነት ክትረክብ ተኽእሎ ኣሎ።

## ኣብ ከመይ ኵነታት እዩ እቲ ዘባዊ ኮሚሽን ነቲ ዘቕረብክዎ ሕቶ ክነጽጎ ዝኽእል?

ንኵላቶም ረቛሒታት ድሕሪ ምግምጋም፡ እታ ኮሚሽን ገለ ዓይነት ዕቑባ ንኽህበኩም ዝኹነ ይኹን **ነጥብታት ብዘይምህላዎም** ፡ እቲ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ይንጸግ።

ኣብ ገለ ፍሉያት ጉዳያት፡ እቲ ዘቕረብኩሞ ሕቶ **መሰረት ዘይብሉ** ተባሂሊ እቲ ሕቶኹም ክንጸግ ይኽእል እዩ። እዚ ካብ ዝኹነሎም ምኽንያታታት ንምጥቃስ፡- ዘባዊ ኮሚሽን ኣብቲ መጀመርታ መኽፈቲ ቃለ-መሕትት ክትገብሩ ከለኹም ጉዳይኩም ምስ መሰረታዊ ሕቶ ዓለም-ለኻዊ ዕቕባ ዝተኣሳስር ነገር ምዝስእንን፣ እንተ ብሰብ-መዚ ኢጣልያ ሃገርኩም ውሑስ ሃገር ተባሂሉ ምስዝግምግም ፥ እቲ ኮሚሽን ናብቲ መስርሕ ሕቶ ዑቕባ ከተቕርብ ዕድል ተዋሂቡካ ከብቅዕ ኩነታትካ ተራእዩ፥ ንሃገርካ ምስ እትስጎግ ንሂወትኩም ዝኾነ ከቢድ ስግእት ስለዘየለ፥ እንተ ሓቀኛ ዘይኮነ ዶክመንት ኣቕሪብኩም እሞ ጠንቂ ናይሓሶት ወረቐት ምስ ዘይትገልጹ፥ ወይውን ምምዝጋብን ኣሰር ኣጻብዕቲ( ዓሻራ) ምስ እቲ ኣቢዩ እዩ።

## ! መጠንቀቕታ

እቲ ዘቕረብኩሞ ሕቶ መሰርት ዘይብሉ ተባሂሉ ምስ ዝንጸግ ይግባይ ንምባል ዘሉ ግዜ ካብ 14 ወይ 15 ማዓልታት እዩ( ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ይግባይ ኣንጻር ወሰኔ ዘባዊ ኮሚሽን ኣብ ገጽ 29 ተመልከት)። ኣብዚ ግዜ መስርሕ ይግባይ እቲ ዳኛ ኽሳብ ዝውሰን ፡ ኣብ ጥልያን ኮንካ ጉዳያ ንኽትካታትል እቲ ጠበቓኩም ፍሉይ ፍቓድ ካብቲ ዳኛ ክሓትት እሎዎ።

እቲ ሕቶኹም መሰረት ዘይብሉ ተባህሊ ምስ ዝግምገም እቲ ክመጹ ዝኽእሉ ሳዕቤናት ኩሉ ከጋጥም ዝኽእሉ ተኽእሎታት ኣፍልጦ ንምርካብን ንዝያዳ ሓበሬታ ንሓደ ክኢላ ሕጊ ሕተቱ።

# ንጉዳያይ ዝምልከት ውሳኔ ብኸመይ እየ ክሕበረኒ?

መልሲ ናይ'ቲ ንዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ሕቶኹም ብመሰረት ዘባዊ ኮሚሽን ብዘዳለዎ **ብጽሑፍ ዝተዳለወ ድንጋገን እቲ ምኽንያት ብምደጋፍ ሕጋዊ ውሳኔ ዝሓዘ እዩ።** እቲ እትሕበሩሉ ኣገባብ ብመገዲ ሰራሕተኛታት ተዓቚብኩምሉ ዘለኹም ማእከል፤ ወይ ድማ ናብቲ መጀመርታ ንሕቶኹም ወግዓውነት ከትልብሱ ከለኹም ንመደበር ፖሊስ ዝሃብኩምዎ ኣድራሻ **ውልቃዊ መንበሪ** ቦታኹም ደብዳቤ ክለኣኸልኩም እዩ፤ (ገጽ 13 ተመልከቱ)።

ስለዚ፡ ኩሉ ግዜ ኣድራሻ ኣብ እትቕዩሩሉ እዋን ንፖሊስን ዘባዊ ኮሚሽንን ክትሕብሩ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፤ ከምኡ'ውን ንውሳኔኹም ኣብ ማእከል መቐበል ስደተኛታት ድዩ' ወይውን ኣብ'ቲ ዝሃብኩሞ ኣድራሻ ኴንኩም ኢኹም እትጽበይዎን ለውጢ ምስእትገብሩ ብቐጻሊ ክትሕቡሩ ኣልኩም። ከም'ዚ ምስዘይተገብሩ ንሕቶ ዑቕባ ዝምልከት ውሳኔ **ሓበሬታ ክትረኽቡ ኣይትኽእሉን** ኢኹም።

## ! መጠንቀቕታ

ኣብ መቐበል ስደተኛታት ወይ ኣብ መንበሪ ገዛኻ ብዘየምህላወካ እቲ መልእኽቲ ምስዘይትቕበልዎ፡ ኣብ መደበር ፖሊስ ብምኻድ ኣብ ውሽጢ 20 ማዓልቲ ነቲ ሓብሬታ ክትስሕብ ትኽእሉ ኢኹም።

እዞም ዕስራ መዓልትታት ምስሓለፉ፡ እቲ ውሳኔ ዝሓዘ መልእኽቲ ኣብ ኢድኩም ከምዝበጽሐ ተሓሲቡ፡ ሰብ- መዚ ኢጣልያ እዞም ዝስዕቡ ኣብ ተግባር ከውዕልዎ እዮም፡-

- እቲ ኣብ ኢጣልያ ናይ ምጽናሕ ኲነ ናይ ምውጻእ ጉዳይካ ኣብቲ ጽሑፋዊ ድንጋገ ትሕዝቶ ውሳኔ እዩ ዝምርኮስ
- እቲ ኣንጻር ውሳኔ ዘበዊ ኮሚሽን ይግባይ ክትብሉሉ እትኽእሉ ገደብ፡ ግዜ ክቈጽር ክጅምር እዩ (ኣብ ዝቕጽል ገጽ ተመልከቱ)።

ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ቅዳሕ ናይቲ ጽሑፋዊ ድንጋገ ወሰኔ ንኽወሃበኩም ዘበዊ ኮሚሽን ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

# ኣንጻር ውሰኔ ዘበዊ ኮሚሽን ይግባይ ክብል እኽእል ዶ?

በቲ ዝተወሀበ ውሳኔ ዘበዊ ኮሚሽን ምስዘይትሰማምዑ፡ ብእትኣምንዎ ጠበቓ እናተሓገዝኩም፡ ጉዳይኩም ብዳኛ ዳግማይ ንኽረኣየልኩም ሕቶ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ክትጥንቐቕሉ ዘልኩም እቲ ገደብ ግዜ (**30 ፣ 14 ወይ 15 መዓልትታት፡** ከከም ጉዳዩ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ጽሕፍ ድንጋገ ውሳኔ ተጠቒሱ ኣሎ። እኹል ቍጠባዊ ዓቕሚ ምስዘይህልወኩም፡ከከም ኩነታቱ፣ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ክፍሊት ብነጻ ብጠበቓ ንኽትሕገዙ መሰል ኣለኩም።

ኣንጻር ውሳኔ ምንጻግ ንዝቐርብ ይግባይ፡እቲ ቤት-ፍርዲ ውሰኔኡ ክሳብ ዝህብ፣ብሓፈሻኡ ኣብ ኢጣልያ ንኽትጸንሑ ዕድል ኣለኩም፤ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ገለ ጉዳያት፡ ኣብ ኢጣልያ ክትጸንሑ እንተኼንኩም፡ ጠበቓኹም ነዚ ዝምልከት ፍሉይ ሕቶ ናብ ዳኛ ብምቕራብ ኣውንታዊ መልሲ ክረክብ ከድልዮ እዩ (ንኣብነት፡ ናብ ሃገርኩም ንኽትምለሱ ኣብ ናይ መስጎጊ ማእከል ኣቲኹም እንተሃሊኹም ወይ እቲ ሕቶኹም ብኮሚሽን መሰረት ዘይብሉ ተባሂሉ ምስ ዝወሰን እዩ)።

ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ እቲ ተዓቑብኩሙሉ ዘለኹም ማእከል መቕበሊ ስደተኛታት ንዝርከብ ኪኢላ-ሕጊ ወይ ን ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባ ዝጣበቓ ገበርቲ ሰናይ ማሕበራት ተወከሱ።

## መጠንቀቕታ

ኣብ ኢጣልያ ወላ ይግባይ እንተበልኩም ኣብቲ ሃገር ንኽይትጵንሑ ኽልተ ዅነታት ኣሎ ፡-

ሀ. ካብ ሃገረ ኢጣልያ ንኽትስጎግ ኣብ ዝተዳለኽምሉ እዋን ዳግማይ ሕቶ ምስ እተቕርብ (ብዛዕባ እቲ ዳግማይ ሕቶ ኣብ ስዒቡ ዝመጸ ገጽ ተመልከት) ከምኡ'ውን እቶም ሰበስልጣን ዝኾነ ሓድሽ ባእታታት ንውልቃዊ ኩነታትካ ይኹን ኩነታት ሃገርካ ዝምልከት ሓዲሽ ነገር እንተዘየለ፣ ሕቶኻ ካብ ተቐባልነት ይንጽግ፤

B. እንደገና ንኻልኣይ ግዜ ዳግማይ ሕቶ ምስ እተቕርቡ (ብዛዕባ ዳግማይ ሕቶ ኣብ ዝስዕብ ገጽ ተወከሱ)።

ንዅሉ ኩነታት ካብ ኢጣልያ ንኽትወጹ ዘገድደኩም ጉዳያት፡ ንዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ንክኢላ ሕጊ ተወከሱ።

# ሓድሽ ሕቶ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ከቕርብ እኽእል ዶ?

**ሓድሽ ሕቶ** ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም እንተ፡-

- እቲ ሕቶኹም ቅድሚ ሕጂ ካብ ኮሚሽን ብናይ መወዳእታ ወሳኔ እንተደምዲሙ እሞ ድማ ናይ ይግባይ ዕድል ብሓደ ዳኛ እንተ ዘይተመርመረ።
- እንተ ቅድሚ ሕጂ ዘቕረብኩምዎ ሕቶ ንኽስረዝ ሓቲትኩም ነርኩም
- ቕድሚ ቓለ-መሕትት ምግባርኩም ካብቲ ዝነብርኩምዎ መቕበሊ ስደተኛታት ገዲፍኩም እቲ ሓደሽ ኣደራሻኹም ከይሓበርኩም  እንተኸድኩም። እቲ ኮሚሽን ድማ ን 9 ወርሒ ጉዳይኩም ካይሰመዐ ኣሉታዊ ውሳኔ ምስዝህበኩም እዩ።

እቲ ሓድሽ ሕቶ ድማ **“ዳግማይ ሕቶ’’**ተባሂሉ ይጽዋዕ።

እቲ ኣገዳሲ ንምንታይ ዳግማይ ሕቶ ከምዘቕረብካ ጽቡቕ ገርካ ነታ ኮሚሽን ኣብርሃሎም፡ ሓደሽ ነጥብታት ምስዝህልወካን ተወሳኽውን ሓደሽ ወርቓቕቲ (ዶክመንት) ንጉዳይካ ዝገልጽ እንተለኩም ነታ ዘባዊ ኮሚሽን ኣረክቦ፡ እንተ እታ ኮምሽን ቅድሚ ሕጂ ዘይሰሙዕኻ ኣብዚ ዳግማይ ሕቶ ብንጹር ሓብሮዎም ኢኹም።

እቲ ዘባዊ ኮሚሽን ነቲ ዳግማይ ሕቶ ንኽምርመር ዝውስን፣ ኣብ ግምት ኣትዮም ዘይፈልጡ ሓደሽ ነጥብታት ምስ ዝቀርቡ እዩ ፤ ሓድሽ ኩነታት ወይ ሰነዳት(ዶክመንት)፣ ንሕቶ ኣህጉራዊ

ዑቅባ መሰል ዘውህብ ተኽእሎ ምስ ዝህልዎ ጥራይ ይኸውን። ኣብዚ እዋን ኣህጉራዊ ዑቅባ ከምዘድልየካ ኸተረድኦም ኣለካ (ንኣብነት፥ ኣብ ሃገርካ ኲናት እንተ ተወሊዑ ወይውን ንኹነታትካ ዝያዳ መረዳእታ ዝህብ ሰነድ(ዶክመንት) ስለዝተረኽበ)፣ ጵቡቕ ገርካ ኽትገልጽሎም ኣገዳሲ እዩ፡-

ካብ መጀመርታ ከተብርሃሎም ዝግቡኡ ኣገደስቲ ነጥብታት፥

- ካብቲ እትነብረሉ ዝነበርካ ማእከል ዘውጽኣካ ብቑዕ ዝኾነ ምኽንያት ምግላጽ፣
- ቅድሚ ሕጂ ንኮሚሽን ወይ ንቤት ፍርዲ ዘየቕረብካዮ ሓበሬታ ወይ ሰነዳት ከተካፍል ዘይከኣልካሉ ምኽንያት።

ውልቃዊ ኲነታትካ ወይ ጉዳይ ሃገርካ ተራእዩ ሓድሽ ነጥብታት እንተዘይተረኺቡ፣ **ቃለ መሕትት ከይተገበረልኩም ሕቶኹም ተቐባልነት ዘይብሉ ተባሂሉ ጉዳይኩም ይንጽግ።**

# "ቕልጡፍ መስርሕ" እንታይ ማለት እዩ?

እቲ ቕልጡፍ መስርሕ ካብቲ ተራ መስርሕ ዝሓጸረ ግዜ ኣለዎ። ኣብዚ ዚስዕብ ጉዳያት ክትግበር እዩ፡-

**1.** ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ናይ መጀመርታ ሕቶ እንተ ተነጺጉ ፡ እሞ ንውልቃዎ ኹነታትካ ወይ ብዛዕባ መበቌል ዓድኻ ሓድሽ ነጥብታት ከየቕረብካ ዳግማይ ሕቶ ምስ እተቕረብ ይትግበር ("ዳግማይ ሕቶ " ተባሂሉ ዝጽዋዕ እንተ ኣቕሪብካ ገጽ 30 ተመልከቱ)፣

**2**. ገበናዊ ኽሲ ኣብ መ ስ ር ሕ ምስዝህሉ ወይውን ብሓደ ከቢድ ገበን ተከሲስካ ምስ እትፍረድ( እቶም ከቢድ ገበናት ኣዮኖት ምኻኖም ን ኪኢላ ሕጊ ናይ እቲ ዝለኻዮ ማእከል ወይ ንጠበቓካ ሕተት)የናይ

**3**. መንነትካን/ወይ ዜግነትካን ንምርግጋጽ ኣብ ዚርከብ ግዚያዊ መጽነሒ ማእከል ወይ ከኣ ናብ ዓድኻ መ ስ ጎ ጊ ማእከል ተታሒዝካ እንተ ኣለኻ፣

**4.** ካብ ሓለዋ ፖሊስ ከይተራኣኻ ናብታ ሃገር ምስ እትኣቱ ብቐጥታ ኣብ ዶብ ኣህጉራዊ ዕቑባ ኽትረክብ እንተ ሓቲትካ፣

**5.** እንተ ካብ ሓንቲ ብኢጣልያ ውሑሳት እትብለን ሃገራት መጺእካ( ''ውሑስ ሃገር'')ንሳተን ድማ፤ኣልባንያ፣ ኣልጀርያ፣ ባንግላድሽ፣ ቦዝንያን ሄርዘጎቪናን፣ ካሜሩን፣ ኬፕ ቨርደ፣ ኮሎምብያ፣ ኣይቮሪኮስት፣ ግብፂ፣ ጋምብያ፣ ጆርጅያ፣ ጋና፣ ኮሶቮ፣ ኖርዝ ማቸዶንያ፣ ሞሮኮ፣ ሞንተነግሮ፣ ናይጀርያ፣ ፔሩ፣ ሰኔጋል፣ ሰርብያ፣ ሲሪላንካ ፣ ቱኒዝያ፤

**6.** እንተ ብሰበስልጣን ኢጣልያ እቲ ሕቶ ዓለምለኻዊ ዑቕባ መሰርት ዘይብሉ ተባሂሉ ተወሲኑ፥ ( (ንኣብነት፥ እቲ እተቕርቦ ምኽንያት ምስ ዓለምለኻዊ ሕቶ ዕቕባ ምትእስሳር ምስዘይህልዎ፥ እተቕርቦ ሓበሬታን ዶክመንትን ( ወርቐት )ሓሶት ምስ ዝኾውን እም ጠንቂ ድማ ብኣገባብ ምስ ዘይትገልጽ፥ወይውን ኣሰር ኣጻብዕቲ ምሃብ ምስ እቲኣቢን፥ ወይ ኣብ ናይ መስጎጊ ማእከል ተታሒዝካ ምስእትህሉ፥ ወይድማ ንጸጥታ ህዝቢን ድሕነትን ሓደገኛ ተባሂልካ ምስእትቑጸር፥ ካልእ ድማ ብኸቢድ ገበን ተኸሲስካ እቲ መስርሕ ኽሲ ኣብልዕለኻ ይፈጸም ምስ ዝህሉ።

**7.** ብድሕሪ ሓለዋ ፖሊስ ምስተታሓዝኩም ሕቶ ዕቕባ ምስ እተቕርቡ፡ እቲ ሕቶ ብሰብመዚ ኢጣልያ ንኽይትስጎጉ ጥራይ ኢኹም ብምባል ምስዝእምኑ፣ ብዘይ መንበሪ

ፍቓድ ተርኺብኩም ብፖሊስ ምስእትታሓዙ።

ብዛዕባ ውልቃዊ ኩንታትካ ዝምልከት ዘበለ ሓብሬታ ንሰብ መዚ ብዝቕልጠፈ ሓብሩ ምኽንያቲ እዚ ቕልጡፍ መስርሕ ንትሕቲ ዕድመ ብዘይመሰንይታን ንፍሉይ ኣቓልቦ ዘድልዮ ሰብ (ንኣብነት፥ ናይ ጥዕና ጸገ ዘሎዎን ደቂኣንስትዮን) ኣይምልከትን እዩ።

እንተ ኣብ ቕልጡፍ መስርሕ ኣለኹም ንሕቶ ዑቕባ ዝጠቅም ወረቐትን ዶክመንትን ወይ ዝኾነ ነጥብታት ንምድላው ግዜ ንኽዋሃበኩም ንኪኢላ ሕጊ ን ዞባዎ ኮሚሽን ብዝቕልጠፈ ሓብሮም ኢኻ።

እቲ ቕልጡፍ መስርሕ ኣብ ግብሪ እንተ ወዒሉ እንታይ እዩ ከጋጥምኩም?

1. መደበር ፖሊስ፡-

- መንነትካ ድሕሪ ምግላጽኩም እቲ ሕቶኹም ብቀጥታ ድሕሪ ቅሩብ ግዜ እዩ ዝምዝገብ
- ከም ልሙድ እቲ ቆጸራ ንቃለ መሕትት ኣብቲ ሕቶኻ ኣብዝምዝገበሉ እዋን እዩ ዝውሃበኩም።

እንተ ሕቶኹም ዳግማይ ሕቶ ኾይኑ፡ ኣብቲ ናይ ምምዝጋብ ግዜ (ኣብ ገጽ 30 ተመልከት)ንሕቶ ዑቕባ ደገፍ ዝኽውንን ንውልቃዊ ቃለመሕትት በቲ ኮሚሽን ኽትጽዋዕ ምእንቲ ሓድሽ ነጥብታትን ኸተቕርቡ ኣለኩም። እንትዘይከይኑ ሕቶኹም ክንጸግ እዩ።

2. ዞባዊ ኮሚሽን–

- ድሕሪ ምምዝጋብኩም ድሕሪ ቁርብ ማዓልቲ እዩ እቲቓለ-መሕትት ዝካየድ።
- ድሕሪ ቃለ መሕትት እቲ ዞባዊ ኮሚሽን ድሕሪ ቁርብ ማዓልቲ ወሰኔ ይወሰድ።
- እንተ ናብ ሃገረ ኢጣልያ ክትኣቱ ኽትብለ ኣብ ግዜ ምቑጽጻር ብናይ ዶባት ብፖሊስ ደው ምስ ኣበለኩም እንተ እቲ ሕቶ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ብቕጥታ ኣብ ዶብ ወይ ድማ ኣብ ግዜያዊ መሰጋገሪ በታ ክይኑ ወይ ድማ ኢጣልያ ውሕስ ሃገራት እትብለን ሃገርታ ምስ እትመጽእ፡ እቲ መሰርሕ ሕቶ ዕቕባ ናብ ዶብ ዘሎ በታ ክመሓላለፍ እዩ።
- እንተ ካብ ሓንቲ ብኢጣልያ ውሑስ ሃገር ካብ እተብለን ሃገር ኮንካ እቲ ሕቶኻ ኽንጸግ ይኽእል እዩ፡እንተ ኣብ ግዜ ቃለ መሕትት ንምንታይ ሃገርካ ብፍሉይ ንውልቃዊ ኩንታት ውሑስነት ዘይብሉ ምኽንያት ጽቡቕ ገርካ ምስ ዘይትገልጸሎም ።

3. ድሕሪ ውሳኔ ኮሚሽን፥

- እንተ ተነጺግካ ካብቲ ዝተሓበርካሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ 14 ወይ 15 ማዓልታት ይግባይ ክትብል ትኽእል እዩ።
- ጠበቓኻ ኣብ ኢጣልያ ንኽትጸን ሕ ነቲ ዳኛ ፍሉይ ሕቶ ብምቕራብ ክሓትት ኣሎዎ።

# ! መጠንቀቕታ

ኣብ ጉዳይ መስርሕ ዶብ፡ ሕቶ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ክሳብ ጉዳይካ ተራእዩን ዝምርመርን ኣብ ሓደ ቦታ ን 28 ማዓልታት ኽትታሓዝ ትኽእል ኢኻ ። ኣንተድኣ ፥

- እቲ ፓስፖርትኻ ወይ ተመሳሳሊ ሕጋዊ ሰነድ ዘየርከብካን ፣ወይ ግዝይኡ ዘየሕለፈ ምስ ዝኸውን፣

ወይውን

- እንተ እኹል ፋይናንሳዊ ዋሕስ፣ካብ 2500,00 ክሳብ 5000,00 ዩሮ ዝበጽሕ

  መጠን ገንዘብ ዘይብልካ ፣ብሓላፊ ፖሊስ ንውልቃዊ ኩነታትካ ተርእዩ ኣብ ግምት ብምእታው ዝተውሰነ ክፍሊቱ ብባንክ ወይ ብመንገዲ ኢንሹራንሰ ምስዘይክፈል ።

እዚ ዋሕስ እዚ፤

- ብወገንካ ወይ ኣብ ኢጣልያ ወይ ኣብ ካልእ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ብሕጋዊ መንገዲ ዝነብር ክሳብ ሳልሳይ ወለዶ ዝብጽሓካ ዘመድ ክኽፈለል ይኽእል።
- ዋና ሓላፊ ፖሊስ ልክዕ መጠን ገንዘብ ውሕስነት ካብ ዝውስነሉ ዕለት ጀሚሩ፣ ኣብ ውሽጢ ሸውዓተ ናይ ስራሕ መዓልታት ክቐርብ ኣለዎ፣ ብዝኾነ ኩነታት ግን ዘባዊ ኮሚሽን ኣብ ልዕሊ ሕቶ ኣህጉራዊ ዑቅባኻ ውሳኔ ቅድሚ ምውሳዱ እዩ።

ኣብቲ ግዜ መስርሕ ምስተርሕቕ ካብ ሃገር፣ እቲ ንዋሕስ ዝተኸፍለ ገንዘብ ተመላሲ ኣይኸውንን እዩ።

ንተወሰኺ ሓበሬታ፣ክኢላ ሕጊ ወይ ጠበቃኻ ተወከስ።

ሕጊ ኢጣልያ ከምዚ ይብል ፣ ብመሰረትዝተገብረ ውዕል፡ ምስ ኣልባንያ
ካብ ግዝኣታዊ ባሕሪ ሪፓብሊክ ወይ ካልኦት ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወጻኢ፣ ኣብ መርከብ ሰበስልጣን ኢጣልያ ተሰቒልካ ምስእትህሉ፣ እዚ ናይ መድሕን ስርሒት እውን የጠቃልል፣ ንእተቕርቦ ሕቶ ዑቅባ **ንቕልጡፍ መስርሕ ዶብ** ምስ ዝመደብ ን**ኣልባንያ** ክትውሰድ ትኽእል ኢኻ፣ እቲ መስርሕ ክሳብ ዝውዳእ
ድማ ኣብቲ ማእከል **ተታሒዝኩም** ክችጸንሕ ኢኻ። ኣብ ከምዚ ዝኣምሰለ ኩነታት እተቕርቦ ናይ ዑቅባ ሕቶ **ብሰበስልጣን ኢጣልያ** ከም ዝግምገምን **ሕጊ ኢጣልያ** ብምትግባር ከምዝውሰን **ምፍላጥ ኣገዳሲ** እዩ።

# 6. ዕቑባ ድሕሪ ምርካብካ ዘልካ መሰላትን ጉቡኣትን

## ከም ተጠቃሚ ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ (ምሉእ ዑቕባ ንስደተኛ ወይ ካልኣይ ደረጃ ዑቕባ) መሰላትይ ኣየኖት እዮም?

**ምውሳድ ሰነዳት(ዶክመንት):-**

> **1.** ኣብ ኢጣልያ ብሕጋዉ መገዲ ንኽትነብር:- **ፍቓድ ነባሪነት፡ ን 5 ዓመታት** ዘገልግልን ክሕደስ ዝከኣልን፣
>
> **2.** ካብ ኢጣልያ ወጻኢ ናብ ዝኾኑ ቦታታት ክትገሹሉ እትኽእሉ **ሰነድ መገሻ** (ምሉእ ዕቑባ ንስደተኛታት እንተኼንኩም)፤ ወይ **ሰነድ ፍቓድ መገሻ** (ካልእይ ደረጃ ዑቕባ ዝተዋህበኩም ኴንኩም፡ ካብ ሰብ-መዚ ሃገርኩም ፓስፖርት ንምውሳድ ከተመልከቱ ቅቡል ምኽንያት ምስዝህልወኩም)።

በዞም ሰነዳት( ዶክመንት) እዚኣቶም ክሳብ ዝሃለዉኹም፡ ብዘይ ሕቶ ቪዛ ናብ ኣብ ዝኾነት ትኹን ካብ'ተን 26 ሃገራት ኣባላት ዘባ ሸንገን ክሳብ 3 ኣዋርሕ ክትጸንሑን ኽትኸዱን ትኽእሉ ኢኹም (ይኹን'ምበር፡ ኣብ እተን ሃገራት ክትስርሑን ብቕዋሚንተ ኽትነብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ኣህጉራዊ ዕቑባ ካብ እትሓቱ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመታት ካልኦት ቅድመ- ኩነታት ብምምላእ (ሓደ ካብኡ ኣታውን ካብ ገበን ናጻ ምዃንን) ምስእተማልኡን፡ ናይ **ነዊሕ እዋን ፍቓድ ነባሪነት ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት**ንኺወሃበኩም ሕቶ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ፍቓድ ነባሪነት እዚ ምስወነንኩም፡ ከም ሰራሕተኛታት ድዩስ ተማሃሮ መጠን፡ ወይ ንካልኦት ጉዳያት፡ ከምኡ'ውን ሕጋጋት ናይ'ታ ክትቅመጡላ እትደልይዎ ሃገር ከምዘፍቅድዎ፡ ንልዕሊ 3 ኣዋርሕ ንኽትጸንሑ - ናብ ካልእ ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾነት ሃገር ብሕጋዊ መገዲ ክትኣትዉ ትኽእሉ ኢኹም።

**ስራሕ**:- ልክዕ ንዜጋታት ኤውሮጳዊ ሕብረት ከምዝግባእ፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ኽትሳፍ መሰል ኣለኩም። ማለት እንተላይ ኣብ መንግስታዊ ስርሓት ንኽትቑጸሩ ትኽእሉ።

**ምዝገባ ኣብ ክብሪ መዝገብ ናይ ምምሕዳር ከተማ**፡ ልክዕ ከም ኻልኦት ወጻእተኛታት ዜጋታት፣

**ትምህርቲ፡ ማሕበራዊ ጥፈታትን ኣገልግሎት ጥዕናን** ልክዕ ነቶም ኣብ ከባቢኹም ንዝርከቡ ዜጋታት ኢጣልያ ከምዝግባእ፡ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንኽትረኽቡ መሰል ኣለኩም፣

**መንበሪ ገዛ**:- ኣብ ናይ መንግስቲ መንበሪ ገዛ ኽወሃበኩም ሕቶ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ምጥርናፍ ስድራ-ቤት**፦ መረጋገጺ ደረጃ ኣታዊኹም ኰነ ኵነታት መንበሪ ገዛኹም ከይተገምገመ ዝምልከቶም ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ንኽጽንበሩኹም ዕድል ኣለኩም (ክጽንበሩኹም ዝኽእሉ ኣባላት ስድራ- ቤት፦ ሕጋዊ መጻምድቲ፡ ትሕቲ-ዕድመ ዝኾኑ ደቅኹም፡ ልዕሊ 65 ዝዕድሚኦም ወለድኹም - ማለት ኣብ መበቆል ሃገርኩም ንዕኦም ክኣሊ ዝኽእል ካልእ ውላድ ምስዘይህልዎም። ብዛዕባ እቶም ናብ'ዚ መጺኦም ክጽንበሩኹም ዝኽእሉ ኣባላት ስድራ-ቤት ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽትረኽቡ ንክኢላ-ሕጊ ተወከሱ ኢኹም)፣

**ዜግነት**፦ ኣብ ኢጣልያ ከም ተጠቀምቲ ምሉእ ዕቑብ ንስደተኛ ድሕሪ 5 ዓመታት ምስተቐመጥኩም፡ ወይ ድማ ወናኒ ካልእይ ደርጃ ዑቕባ ምስ እትኸወን ድሕሪ 10 ዓመታት፡ ዜግነት ንኺወሃበኩም ሕቶ ከተቕርብ ትኽእሉ ኢኹም።

# እንተ ተጠቃሚ ፍሉይ ዑቕባ ኮይነ?

እዞም ቀጺሎም ዝጥቀሱ መሰላት ኣለዉኹም፦

**ሰነዳት(ዶክመንት)ምርካብ፦ ን 2ዓመት ዘገልግል መንበሪ ፍቓድ**፡ ቀጻሊ ዕቊባ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ እንደገና ክሕደስ ዝኽእል።

**ንወጻእተኛታት ዝወሃብ ሰነድ ፍቓድ መገሻ** ንኺወሃበኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም፡እንተ ካብ ሰብ መዚ ኢምባሲሃገርኩም ፓስፖርት ክትረኽቡ እንተዘይክኢልኩም።

**ስራሕ**፡ ብስሩዕ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ፣ ግን ነቲ ንፍሉይ ዑቅባ ዝተዋህበካ መንበሪ ፍቓድ ናብ ስራሕ መንበሪ ፍቓድ ክትቅይሮ ኣይትኽእልን ኢኻ።

**ምዝገባ** ኣብ እትነብሩሉ ምሕዳር ከተማ።

**ማሕበራዊ ጥፈታትን ኣገልግሎት ጥዕናን።**

# ጉቡኣትይ ኣየኖት እዮም?

## ኣድራሻ ኣብ ትልውጠሉ ግዜ ክትሕብር ኣለካ፥

ትነብረሉ ከተማ ወይ ኣድራሻ እንተቐይርካ ንመደበር ፖሊስ ሓብር። ከምዚ እንተዘይገይርካ ወይ ጌጋ ኣድራሻ እንተሂብካ፣ ምስ ምሕዳስ መንበሪ ፍቓድካን ዝኾነ ይኹን መስርሕ ምቁራጽ ወይ ምስራዝ ዑቅባኻ ዝተኣሳሰር ሓበሬታ ክትቅበል ኣይትኽእልን ኢኻ። (ኣብ ገጽ 36 ዘሎ ጽሑፍ ተመልከት)።

## ኩሉ ሳዕ ሕጊ ሃገረ-ኢጣልያ ከተኽብር ኣለካ

**ኣብ ልዕሊ ሕጊ ሃገረ-ኢጣልያ ከቢድ ጥሕሰት ምስእትፍጽሙ፡ ምናልባሽ ነቲ ተዋሂቡኩም ዝጸንሐ ዓለም-ለኻዊ ዕቊባ ክትሕደግ ተኽእሎ ኣሎ፡ ጉዳይኩም ዳግማይ ክረኣ እዩ (*"ምቍራጽን ምሕዳግን ዓለም-ለኻዊ ዕቊባ" ንዝብል - ኣብ ገጽ 36 ተመልከቱ*)።**

# ናብ መበቆል ሃገረይ ኽምለስ እኽእል ዶ?

እንተ ወናኒ ምሉእ ዑቕባ ንስደተኛ ኴንኩም፡ ካብ ሰብ-መዚ መበቆል ሃገረኩም-ፓስፖርት ንኽትረኽቡ ሕቶ ምስእተቕርቡ፣

ወይ ከኣ

እንተ ወነንቲ ምሉእ ዑቕባ ንስደተኛ ወይ ተጠቃሚ ኻልእይ ደረጃ ዑቕባ ኮንኩም ዋላ ንሓጺር ግዜ እውን ይኹን ናብ መበቆል ሃገረኩም ምስእትምለሱ፣ ክትፈልጥዎ ዝግባእ ነቲ እተዋህበካ ኣህጉራዊ ዕቑባ ኼቋርጾ ኽም ዚኽእል ክትርዳእ ኣሎካ (ኣብ ገጽ 36 ዘሎ ጽሑፍ ምቁራጽ ኣህጉራዊ ዑቕባ ተመልከት)።

**ናብ ናይ መበቆል ሃገርኩም ብቐዋምነት ንኽትምለሱ ምስእትውስኑ** እሞ ከተማልእዎም ዝግባእ ገለ ቅድመ-ኵነታት ምስዝህልዉ፡ ኣብ ናይ **ወለንታዊ ሓገዝ ምምላስን ማሕበራዊ ዳግመ-ምጽምባር** (VARR) ተበግሶታት ክትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም። እዘም መደባት እዚኣቶም ንጒዕዞኹም የዳሉን፡ ክሳብ እቲ መወዳእታ እትበጽሕዎ ቦታ ንኽትጕዓዙ ንእትገብርዎም ወጻኢታት ይሽፍኑ፡ ከምኡ'ውን ውሱን ቍጠባዊ ሓገዝ ይገብሩልኩም።

*ንሑፍ መደባት ዝዝሎ ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽትረኽቡ፡ ብመገዲ ናጻ መስመር ተሌፎን 800 004 006 ናብ ኣህጉራዊ ውድብ ንሰደተኛታት (ኣይ፡ኦ፡ኤም IOM) ተወከሱ።*

# ምቍራጽን ምሕዳግን ዓለም-ለኻዊ ዕቑባ

እቲ ኣቕሪብኩምዎ ዝነበርኩም ጸገማትን ኩነታትኩም ምስ ዝማሓየሽ እቲ ዝተዋህበካ ኣህጉራዊ ዕቑባ **ኼቋርጽ** ይኽእል እዩ (ንኣብነት እቲ ኣብ ሃገርካ ዘሎ ዅነታት ርግእት ምስዝሰፍንን ንሂወትኩም ኣብትሕቲ ምክትታልን ኣብ ከቢድ ሓደጋ ኸእቱ ዝኽእል ኩነታት ምስዘይህሉ ወይ ከኣ ኣብ ሃገርካ ብድልየትኩም ብቐዋምነት ምስእትነብሩ ወይውን ብዘይ ከቢድ ሽግር ናብ ሃገርካ ብተደጋጋሚ ምስእትምለሱ እዩ።

ብኮነ ኢልካ ሓቅታት ዝመስሉ መሰረት ብምግባር ዝቐረብ ወይውን ናይ ሓሶት ወረቐት(ዶክመንት) ብምቕራብ ዝተዋህበካ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ክትሕደግ ትኽእል ኢኻ። ውይድማ ከምዚ ዝስዕብ ምኽንኩም ምስዝፈለጥ፥

- ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት፡ ኣንጻር ሰላም፥ ናይ ኲናት ገበናት ወይ ድማ ምስ ገለ ዕላማታትን መትከላትን ሕቡራት ሃገራት ዝጻረሩ ተግባራት እንተፈጺምካ፤
- ካብ ሃገረ ኢጣልያ ወጻኢ፣ ቅድሚ ዑቅባ ምሕታትካ ከቢድ ገበን ፈጺምካ እንተነርካ፣
- ኣብ ኢጣልያ ብሰንኪ ከቢድ ገብን ኣብ ናይ መወዳእታ ፍርዲ በጺሕኩም ኮንኩም (ንኣብነት ከም ቅትለት፥ ህስያ( ጎነጽ) ወይ ኣብ ልዕሊ ሓደ ብዓልመዚ መንግስቲ ምስእተፈራርሑ፥ ከቢድ ኣካላዊ ጕድኣት፥ ስርቂ፥ ምዝማት፥ ኣፈራርሒካ ካብ ሰብ ገንዘብ ምውሳድ፥ ምምራትን መሸጣ ሓሽሽ ፥፥ ጾታዊ ዓመጽ፥ ዘይሕጋዊ ስደተኛታት ምግዕዓዝ፥ ንግዲ ደቂ ሰባትን ዝኣመሰለ እዮም) ተወሳኺ ድማ እንተ ንድሕነትንጸጥታን ህዝብን ኣስጋኢንሓደገኛ ምስእትኾውን
- ወላውን ገበን ኣይትፈጽም እንተ ብመንግስቲ ጥልያን ንሃገር ሓደገኛ ኢኻ ተባሂልካ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ እቲ ሃገራዊ ኮሚሽን ነቲ መሰል ዑቕባ ንምቁራጽን ምስሓብን ብምግምጋምን ንጉዳይካ ይወሰን።

ንተወሰኺ ሓበሬታ፣ ብፍላይ ናብ መበቆል ሃገርካ ክትምለስ እንተድኣ ደሊኻ፣ ኣብቲ ማእከል ዘለዉ ሰራሕተኛታት ወይውን ንማሕበራት ተጣበቕቲ መሰል ስደተኛታት ተወከሱ።

# 7. ካልኦት መንበሪ ፍቓድ

1. **መንበሪ ፍቓድ ንሕክምና፦ ከቢድ ስነ ኣእምሮኣዊ ኣካላዊን ጸገምን** ወይውን **ከቢድ ሕዱር ሕማም** እንተ ሃልዩካ እሞ ኣብ መበቆል ሃገርካ ንኽትፈወሱ እኹል ዓቕሚ ብቕዓት ምስዘይህሉ (ብናይ ህዝቢ ትካል ጥዕና ወይ ምስኡ ዝተታሓሓዘ ሓኪም ምስክር ወረቐት ምስዝዋሃበኩም) በዚ ወረቐት ናይ ሓኪም ናብ ሓላፊ መደብር ፖሊስ ብምኻድ መንበሪ ፍቓድ ኽትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።ከምተወሳኺ ከምቲ ኣብ ዝሓለፍ ዝተገልጸ ክምኡውን እታ ኮሚሽን ነዚ ኩንታትኩም ብምግንዛብ ነቲ ሓላፊ መደበር ፓሊስ መንበሪ ፍቓድ ንኽዋሃበኩም ኣገዳሲ ምኻኑ ከሕብርዎ ይኽእሉ እዮም። እዚ መንበሪ ፍቓድ ክሰብ ሕክምና እትወድእ **(ዝላዓለ ን1ዓመት ንውሓት ግዜ ኣለዎ)**። ምስወደቐ **ክሕደስ** ይኽእል እዩ፥( ንምሕዳስ እንደገና ሕክምና ከምዝድልየካ ካብ ሓኪም ምስክር ወረቐት ከተቕርብ) ኣለካ።እንተኾነ ግን እዚ መንበር ፍቓድ ናብ ናይ ስራሕ ኣቕየርን እዩ። ወላ **ኑበሰ ጾርጋል ኣንስይቲ** ንመንበሪ ፍቃድ ንሕክምና ይግባእ እዩ። ድሕሪ ሕርሲ ክሳብ ንሽዱሽተ ወርሒ ዘገልግል እዩ፥

2. **ንትሕቲ ዕድመ ዝውሃብ መንበሪ ፍቓድ** እንተ ትሕቲ 18 ዓመት ዕድመ ኣለካ ኩሉ ግዜ መንበሪ ፍቓድ ክትቕበል ትኽእል ኢኻ።እዚ ፍቓድ ኣብ መደበር ፖሊስ እዩ ዝሕተት። ዝውሃበሉ ምክንያት ድማ ትሕቲ18 ዓመት ብሙኻንካ ክሳብ 18 ዓመት ትመልእ ዝውህበካ ኮይኑ፡ 18 ዓመት ክትመልእ ከለኻ ንዝያዳ ኣፍልጦ መንገድኻ ከመይ ኽኸውን ይኽእል ሓበሬታ ሕተት።ዓለምለኻዊ ዑቕባ ሓቲትካ እሞ ሓደ ዓይነት ዑቕባ ኣፍልጦ ንኽዋሃበክ ዘኽእል ኩነታት ምስዘይህሉ እታ ኮሚሽን እውን ብወገና ክሳብ ንትሕቲ ዕድመ ዝውሃብ መንበሪ ፍቓድ ንኽትረከብ ጸብጻቡ ከማሓላልፍ ይኽእል እዩ።

3. **መንበሪ ፍቓድ ንኣለይቲ ትሕቲ ዕድመ**፦ኣብ ኢጣልያ ትሕቲ ዕድመ ደቂ ምስዝህለወኩም፡ እንተ ደቅኹም ኣብዚ ይማሃሩ ኣለዉን፥ኣብ ትሕቲ ሕክምናይዊ ክንክን ምስዝህልዉ ወይውን ዝኾነ ስነኣእምራዊን ኣካላዊን ኣብ ምምዕባል ምስዝህልዉ፡ ናብ ቤት ፍርዲ ትሕቲ ዕድመ መንበሪ ፍቓድ ኽትሓትት ትኽእሉ ኢኹም።እዚ መንበሪ ፍቓድ ንኩነታት ጥዕናን ጉዕዞ ምዕባለን ደቅኹም ኣብ ግምት ብምእታው እዩ ዝውሃበኩም፡እዚ መንበሪ ፍቃድ ንኽትሰርሑ ትኽእሉ ከምኡውን ናብ ናይ ስራሕ ክቕየር ይካእል እዩ። ዓለምለኻዊ ዑቕባ ሓቲትካ እሞ ሓደ ዓይነት ዑቕባ ኣፍልጦ ንኽዋሃበክ ዘኽእል ኩነታት ምስዘይህሉ እታ ኮሚሽን እውን ብወገኑ ገምጋም ብምግባር ኩነታትኩም ክሳብ ኣብ ግምት ዝኣቱ ንቤት ፍርዲ ትሕቲ ዕድመ ጸብጻቡ ከማሓላልፍ እዩ።

4. **መንበሪ ፍቓድ ንባህርያዊ ሓደጋ**፥ ብሰንኪ ምንቅጥቃጥ መሬት ዘስዕቦ ዕንወትን ምዕልቕላ ውሕጅን ብውሑስ መንገዲ ናብ ሃገርካ ኽትምለስ ምስዘይትኽእል ፡ ን 6 ወርሒ ንውሓት ዘሎዎ መንበሪ ፍቓድ መሰል ኣለኩም፡ እዚ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ጥልያን ጥራይ እዩ ዘገልግል፡ **እዚ መንበሪ ፍቓድ ዕለቱ ምስወድእ ንሓደ ግዜ ጥራይ እዩ ኽሕደ**ስ። እንተ መበቆል ዓድኹም ብቐጻሊ ዉሑስ ምስዘይከውን ንተወሳኺ 6 ወርሕ ይሕደሰልኩም። እዚ መንበሪ ፍቓድ ንጥፈታት ስራሕ ከተካይድ ትኽእሉ ኢኹም፡ እንተኾነ ግን ናብ ናይ ስራሕ መንበሪ ፍቓድ ኣይቕየርን እዩ።

5. **ንፍሉይ ጉዳያት ዝውሃብ መንበሪ ፍቓድ**

**ሀ)- ንማሕበራዊ ውሕሰነት ዝውሃብ መንበሪ ፍቓድ፦ እንተ ግዳይ ዓመጽን ወይ ከቢድ ምዝመዛን በለጽን** ኴንኩም ን 6 ወርሒ ንውሓት ዘለዎ ሓደ መንበሪ ፍቓድ መሰል

ኣለኩም፡ ንሓደ ዓመት ኽሕደስ ዝኽእል ( ወይውን ንኹሉ ንውሓት ናይ ፍትሒ መስርሕ ግዜ ወይውን ኣብ ንጥፈታት ስራሕ ምስ እትህልዉ እዩ)። እዚ መንበሪ ፍቓድ ንኽትማሃሩ፣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዕዮ ክትምዝገቡን ስራሕ ኽትሰርሕን፥ (ዉሕስ መቕበሊ ማእከልን ማሕበራዊን ሰነልበን ሓገዝ) የውህብ።

**ለ) መንበሪ ፍቓድ ንግዳያት ዘቤታዊ ዓመጽ፥**-እንተ **ግዳይ ዘቤታዊ ዓምጽ** ኮንኩም ማለት ብተደጋጋሚ ከቢድ ኣካላዊን ፥ስነኣእምራዊን፥ ጾታውን ዓመጽ ወይውን ቑጠባዊ ጸቕጢ ካብ ሓደ ብስሚዕታዊ ዝምድና ዘለዎ ሰብ ምሳኹም ዝነብር ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ ግዳይ ምስእትኾኑ **ንሓደ መንበሪ ፍቓድ** መሰል ኣለኩም ። **እዚ መንበሪ ፍቓድ ብሰብ መዚ** ወይውን **ነቲ ጉዳይኩም ዝከታተል** ሰራሕተኛይ ማሕበራዊ ጉዳያት **ተሓቲቱ** እዩ ዝውሃበኩም። **እቲ መንበሪ ፍቓድ ን 1 ዓመት ንውሓት ግዜ** ሃልዩዎ **ዝሕደስ** እዩ። ናብ ዝተፈላለይ ናይ ስራሕ ውዕል ተቖጺርካን ብውልቂ ንምስራሕን ናብ ናይ ስራሕ መንበሪ ፍቓድ ኽትቕይርዎ መሰል ኣልኩም።ወይድማ እንተ ኣብ ሓደ ኮርስ መጽናዕቲ ክትገብሩ ተመዝጊብኩም ሃሊኽም፡ ናብ ናይ ትምህረት መንበሪ ፍቓድ ክትቕይርዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ተወሰኺውን፥ ብመሰረት እማመ ሓላፊ ዘባዊ መንግስቲ (ፕረፈክቸር) ፍቓድ ካብ ሚኒስትሪ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ብምርካብ ‘’**ንልዑል ስቪላዊ ጅግነነት ዝፈጸመ**’’ (ንኣብነት፡-ኣብ ሓደጋ ዝነበረ ሰብ ዘድሓነ፥ ሓደጋ ዝገትአ፥ ንሰብኣዊ ጽቡቕ ሰናይ ግብሪ ዝፈጸመ ፥ስምን ክብረት ኢጣልያ ንላዕሊ ኽዓርግ ዝገበረን ውዘተ) ሰብ ሓደ መንበሪ ፍቓድ ክረከብ ይኽእል እዩ።እዚ መንበሪ ፈቓድ ን2 ዓመት ንውሓት ሃልይዎ፡ በብግዜኡ ተሓዳሲ እዩ። ንኽትማሃርን፥ክትሰርሕን፥ከምኡውን ናብ ናይ ስራሕ መንበሪ ፍቓድ ክቕየር ይክእል እዩ።

*ብዛዕባ ዝተፈላላዩ መንበሪ ፈቓድ ንምርካብን ንምሕታትን ዘድልዮ ርቓሒታትን መስርሕን ተወሰኺ ሓበሬታን ንምርካብ ንኽኢላ ሕጊ ተወከሱ።*

# ፰. ጠቐምቲ ኣድራሻታትን ቍጽርታት ተሌፎንን

## ናይ ህጹጽ ሓገዝ ቍጽርታት ተሌፎን




112 ንጽል ናይ ህጹጽ ሓገዝ ቍጽሪ ተሌፎን (ፖሊስ፡ ኣገልግሎት መጥፋእቲ ሓዊ፡ ኣምቡላንስ)

118 ንህጹጽ ጥዕናዊ ሓገዝ

እዞም ቍጽርታት ተሌፎን እዚኣቶም ገንዘብ ዘይክፈሎም ኰይኖም ን 24 ሰዓታት ኩሉ መዓልቲ ኣገልግሎት ዝህቡ እዮም፤ ብዙሓት ቋንቋታት ዝመልኩ ሰብ-ፍሉይ ሞያ ሰራሕተኛታት ድማ የእንግዱኹም።

## ዩ.ኤን.ኤች.ሲ.ኣር./UNHCR, ጉዳይ ስደተኛታት ዝከታተል ትካል ውድብ ሕቡራት ሃገራት

Via Leopardi 24, 00185 Rome

**ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ**፡- https://www.unhcr.it
**ኢ-መይል**፡- itaroprotection@unhcr.org
ኣብዚ ገጽ መርበብ ሓበሬታና ኹሉ ዘድልየኩም ኣድራሻ ኣብ ጥልያን ዘሎ ቤት ጽሕፈትናን ኻልእ ተወሳኺ ዘድልየኩም ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። https://www.unhcr.it/chi-siamo/contatti

ኣብዚ ገጽ ኻኣ ብዛዕባ ዑቕባ፥ መሰላትን ጉቡኣትን፥ ብዛዕባ ፍሉይ ደገፍ ኣገልጉሎት ዝዋሃቦ ቦታ (ብዝተፈላላዪ ቋንቋታት) ሓበሬታት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። https://help.unhcr.org/italy/

## ኣይ.ኦ.ኤም./IOM
## ዓለም-ለኻዊ ውድብ ጉዳይ ስደተኛታት

ቤትጽሕፈት ወለንታዊ ምምላስን ጽምበራን ሕበርተሰብን -ውህደትን
Via Nomentana 201, 00161 Rome
**ቍ. ተሌ.** +39 06 4416091
**ናጻ መስመር ተሌፎን**፦ 800 004 006
**ነቕጣ መርበብ ሓበሬታ**፦ http://www.italy.iom.int
**ኢ-መይል**፦ ritorno@iom.int

## ናይ ናጻ መስመር ተሌፎን ኣንጸረ-ምስግጋርን ንግዲ-ደቂሰባት

ክፍሊ ማዕረ ዕድላት –ቤት ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር
**ናጻ መስመር ተሌፎን- 800 290 290**

*ን 24 ሰዓታት ኩሉ መዓልቲን ዓመት ምሉእን ብዝተፍላለየ ቋንቋታትን ብኽኢላታት ስራሕተኛታትን ስምካ ኸይገለጽካ እውን ኣገልጉልት ዝህብ እዩ።*

## ሃገራዊ ቑጽሪ ተሌፎን ኣንጻር ዓመጽን ምድጋንን

ክፍሊ ማዕረ ዕድላት – ቤት ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር
**ቍ. ተሌ. 1522**

*ን 24 ሰዓታት ኩሉ መዓልቲን ዓመት ምሉእን ብዝተፍላለየ ቋንቋታትን ን ኣንጻር ጾታ መሰረት ዝገብር ጾታዊ ዓመጽ ውሕስነት ዝህቡ ኽኢላታትን ብዘይ ኽፍሊት ኣገልጉልት ዝህብ እዩ።*

ሓምለ 2024 ጸዲቑ